# ኣል ዳዕዋ

ብማሕበር እስላማዊ ምትሕግጋዝ እትዳሎ መጽሔት ቁ: (47) 01.07..2008 http://www.aldawa.de




يَا أَيُّهَا الَّذِينَ آمَنُوا كُتِبَ عَلَيْكُمُ الصِّيَامُ كَمَا كُتِبَ عَلَى الَّذِينَ مِنْ قَبْلِكُمْ لَعَلَّكُمْ تَتَّقُونَ (183)

ኣላህ ሱብሓነሁ ወተዓላ በዘን ጥቕሰ-ቁርኣን ኣቢሉ ናይ ሮመዳን ጾም ግዴታ ኣዚዙና።
ወርሒ ሮመዳን ኣብ ዓመት ሓንሳብ ካብቲ መሰረት ምስልምና-ጾም ሒዙ ዝመጽእ ክቡር ወርሒ ምኳኑ ዘይፈልጦ ኣሎ ኣይንብልን።

ሮመዳን ናይ ሂዳያ ወርሒ እዩ።ኣብዚ ወርሒ"ዚ እንሰርሖ ግብሪ ሰናይ እጃሙ ብዕጽፍታት ከምዝኸዉን ረቢ ኣበሲሩና።እዚ ኻኣ ንኣላህ ክንብል (ትእዛዙ ከነኽብር)ካብ መግብን ካብ መስተን ካብ ኩሉ ጾምና ዘፍርሰልና ዘበለ-ነፍስና እትደልዮ ተኸልኪልና ስለ እንውዕል እዩ።

*ኣብ ገጽ 2 ይቕጽል..*

*ትሕዝቶ ሕታም*

ወርሒ ሮመዳን ናይ ሂዳያ ወርሒ.....(1)

*ዛንታ ኣቡዛር ኣልቓፋሪ*...................(3)
*በልቂስ* ..........................................(5)

ትርጉም ላኢላህ ኢላላህ......................(7)

ናይ ሰላት ኣገባብ (መቕጸልታ) .........(9)

ሱረቱል ፋቲሓን ጥቕማን..................13

ትፈልጡ ዶ ..................................14

ሮመዳን መድረሰቱልኣጅያል( ግጥሚ).. 15

Die Charaktereigenschaften & die Säulen des Islams.................................17

**Das Fasten im Islam - Mehr als eine Pflicht.........................................17**

كيف نستقبل رمضان **........................20**

.

ወርሒ ሮመዳን ርሑስ ናይ ሂዳያ ወርሒ ምኳኑ ኣርሒ'ቕና ከይከድና ኣተኲርና ከይጠመትናን:ብቐሊሉ ብዙሕ ዘሕጉስ ኣብነታት ኣከባቢናን ንርእን ንሰምዕን።
መስተ ይኹን ጠላዕ:ዝሙ'ት ይኹን ዘይናትካ ምብላዕ:ከምኡ"ዉን በብዓይነቱ በብዓይነቱ ዝኾነ እከይን ገበንን ሕጊ ናይ ረቢ ጥሒስካ ዝካየድ ዝነበረ ገዲፎም ቅኑዕ መንገዲ ክሕዙ ዝጀመሩ ኣብ ሮመዳን ብብዝሒ ንሪኦም።ሽሕ"ኳ ካብኣቶም ንሸይጣን እንደገና ኢዶም ሂቦም ኣብቲ ዝነበርዎ ዓዘቕቲ ክምለሱ እንተተራኣዩ:ንቡዙሓትሲ ናይ እንደገና ከምዝተፈጠርካ ዝመስል ካልእ ሓዲሽ ሂወት ኮይኑ ንረኽቦ። ኣልሓምዱሊላህ።

ነቶም ተሓጺቦም ኣብ ጭቃ ዝምለሱ ውሑዳት ኣሕዋትና ግን "" ረቢ ኣብ ሮመዳን ጥራይ ኣይኮነን ዘሎ:እቲ ኣብ ሮምውዳን እንግዝኦ ኀይታ ንሱ እዩ እቲ ናይ ካልእ ኣዋርሕ ኀይታ። ጽቡ'ቕ ግብሪ ንሮመዳን ጥራይ ኣይኮነን ተውሲኑ ንብሎም።ቀጺልና ኣላህ ብፍቓዱ ንጅምዓት ካብ ኩለን ዕለታት ከብልጻ እንከሎ ንሮመዳን ካኣ ካብ ኩለን ኣዋርሕ ኣብሊጹ ነዓና ናይ ብዙሕ ረብሓ ወርሒ ሂቡና።ኣልሓምዱሊላህ።

ስለዚ ኣብ ወርሒ ሮመዳን ዝኣከብናዮ ረብሓን ዝራኣናዮ ሰናይ ጠባይን ድሕሪ ሮመዳን ክንቅጽሎ"ምበር ከነሕርሮ ከምዘይግባእ ኣጸቢ'ቕና ንገንዘብ።

ጥምየት ፈቲንና ናይ ጥሙ'ይን ስኡንን ክፍለጠና:ካብ ሓላል ገንዘብናን ጥሪትናን ዘካት ብዝተባህለ፡ (ቡቲ ሕንጹጽ ኣገባብ ) ር'ኹ'ብ ንስኡን ዝሕግዘሉ ስርዓት በዚ ክንተሓጋገዝን ክንደጋገፍን ሰሪዑልና።ካብዚ ዝዓቢ ናይ ሕብረተሰብ ኣካብን ፈታሕ ጸገምን የለን:ናብ ሰላምን ሕውነትን ካኣ የብጽሕ።

ብዛዕባ ሮመዳን ነቢዩና ሙሓመድ( ሰ.ዓ.ወ.) "" ኣብ ሮመዳን ዝርከብ ኩሉ (በረከትን ምስጢሩን)
እንተትፈልጥዎ ምሉእ ዓመት ሮመዳን ክኾነልኩም ምተመነ'ኹ'ም"""ይብሉ::

በዚ ጥዑም ኣጋጣሚ"ዚ ን'ኹ'ሎም ናይ ምስልምና ኣመንቲ ዕውትን ረብሓን እነኻናጸሉ ወርሒ ክገብረልና እናተተምነና:ሮመዳን ሙባረክ ንብል።

መጺሔት ኣልዳዕዋ ብማሕበር እስላማዊ ምትሕግጋዝ ኣብ ሃገረ ጀርመን እትዳሎ መጺሔት እያ።
ኣድራሻ:
Gis e.V.
P.O.Box 101344
42103 Wuppertal
Germany

መርከዝ ቢላል:
Montanus Str.76
51065 Köln
Bank:
Deutsche bank A.G
Wuppertal
KontoNr.280 29 08
BLZ 330 700 24

## ለበዋ

ክቡር ኣንባቢ መጺሔት ኣልዳዕዋ
ኣብ መዳይ ጽሑፍ እጃምካ ከተበርክት ንላበወካ።
ንእስላማዊ ትምህርቲ ዘንጸባርቕ ዝኾነ ሓሳብ ወይ ርኢቶ ዋላኳ ትርጉም ናይ ሓንቲ ጥቕሲ ቁርኣን ትኹን ካብ ምጽሓፍን ምስታፍን ኣይትቆጠብ።
ረሱል ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ይብሉ:
( በሊቑ ዓኒ ወለው ኣያ)
ወላኳ ሓንቲ ጥቕሲ ኣያ ትኹን ኣብጽሑለይ።

ብተወሳኺ ዝኾነ ነቐፌታን ንጉድለታትና ዝእርም መአረምታን ሓሳብን ከተወፉዩልና ብትሕትና ነሓተኩም።
ናብ ረቢ ዳዕዋ ምግባር ናይ ኩላትና ሓላፍነት ከምዝኾነ ኣይንረስዕ።

## መተሓሳሰቢ

ኣብ መጺሔትና ናይ ቁርኣን ጥቕስታት ኣያት ስለ ዘሎ ብጽቡ'ቕን ብጥንቃቐን ክትሕዝዎ ንላቦ። ከምኡ እውን ዝኾነ ኣብ መጺሔት ኣልዳዕዋ ዝቐርብ ጽሑፍ ናይ ጸሓፊኡ ርኢቶ እዩ ዘውክል።

ከምኡ እውን ናይ ዝኾነ ምስትርጓም ናይ ቁርኣን ወይ ኣሓዲስ ዝርከብ ጌጋታት ሓላፍነት ዝስከሞ እቲ ደራሲኡ እዩ።

# ኣባዘር ኣልቐፋሪ

ኣቕራቢት:ፎዚያ ሓሰና ኣማን

ማካ ምስ ወጻኢ ዓለም ዘራኽባ ዊዳን ዝተባህለ መዕረፊ ቃፍላይ ኣብኡ ዝነብሩ ህዝቢ ቒፋር ተባሂሎም ይጽውዑ:: ቃፍላይ ማለት ኽኣ ብእኩብ ተጻዒነን ዝኸዳ ኣግማል ኣእዱግ ... ወ.ዘ.ተ የጣቃልል :: ቒፋር መነባብረኦም ኣዝዩ ቱሑት ስለ ዝነበረ: ምስቶም ነጋዶ ናይ ቁረይሽ ናብ ሻም ዝኸድን ዝመጽኡን ቃፊላይ ኣግማሎም ይንከባኸብሎም ነበሩ ከምኡ ውን ካብ ሰረቅቲ ይሕልውሎም ነበሩ ::ጅንድቡ ቢኒ ጁናዳ ብቅጽል ሽም *ኣባዘር* ይጽዋዕ ነበረ :: እሱ ድማ ካብ ዓለት ቒፋር እዩ ::

ኣባዘር ተባዕን ኣስፊሑን ኣርሒቑን ዝሓስብ ሰብ ነበረ::ኣብቲ ጊዜ እቲ እቶም ዓለቱ ንሓደ ረቢ ገድፎም ንጣዖት ይኣምኑ ነበሩ:: በቲ እምነቶም መንከማና ኢሎም ዝኽበሩ ከም'እውን በቲ ዝገብርዎ ፈሳድ እዚ ጸቢብ ኣተሓሳስባ ዘይረብሕ እምነት እንዳ በለ ብዙሕ የሰላስል ነበረ :: ኣባዘር ኣብዚ ኩነታት እንዳ ሃለወ እንኮሎ ወረ በጽሕዎ ሓደ ሓድሽ ነቢ ኣብ ማካ ተራእዩ ኣሎ :: እሱ ኽኣ ካብ ጸልማት ናብ ብርሃን ዘእትወካ እዩ ዝብል ወረ ምስበጸሖ: ንኣኒስ ሓው ይብሎ ክድ ናብ ማካ ነዚ ወረ ናይዚ ሰብኣይ ኣነ ነቢ እየ ካብ ሰማይ ዋሕይ ይወርደኒ ዝብል ዘሎ ካብቲ ዝዛረቦ ዘሎ ሕዝካለይ ምጻእ በሎ::ኣኒስ በጺሑ ምስ ተመለሰ ከምዚ ይብል ወላሂ እዚ ሰብኣይ ጸዊዕት ( ዳዕዋ ) ይገብር ኣሎ ብዛዕባ ጹቡቅ ጠባያት ( መካሪመል ኣኽላቕ ) እቲ ዝብሎ ዝነበረ ድማ ዘረባ እዩ ግጥሚ ኣይነበረን ክትሰምዖ መቐረት ዘለዎ እዩ በለ ::

ኣባዘር ይብል ሰባት ኽ እንታይ ይዛረቡ ብዛዕብኡ ኣኒስ ይብል ጠንቋላይ መለኮታዊ (መጻእ ነገር ዝፈልጥ ) ገጣማይ ኣባዘር ይብል ወላሂ ደጽግብ ወረ ኣየምጻእካለይን ከምቲ ኣነ ዝደልዮ ትኽእል ዶ? ስድራቤተይ ክትርእየለይ ክሳብ በጺሐ ዝምለስ ነቲ ጉዳይ ባዕለይ ክርእዩ በሎ

ኣኒስ ይብል እወ ግን ካብ ህዝቢ ማካ ተጠንቀቅ ኣባዘር ስንቁ ኣዳልዩ ንጽባሕቱ ንማካ ከደ

ኣባዘር ማካ በጽሑ ግን ካብቲ ህዚቢ ማካ ፍርሂ ኣሕደረ ኣባዘር ኣብ ማካ ምስብጸሐ ሕጅ'ውን ካልእ ወረ ሰመዐ እቶም ቁረሽ ሓሪቆም ከምዘለው ንቶም ጣዖቶም ስለ ዝጸረፊሎም መሓመድ ሰ/ወ/ወ ምስ ሰዓብቱ ብሰንኪ እዚ ድማ ብዛዕባ መሓመድ ሰ/ወ/ወ ንሰብ ክሓቲት ኣይደለየን ምኽንያቱ ነቲ ዝሓቶ ሰብ ጸላእኡ ወይ ድማ ፈታዊኡ ምኻኑ ክፈልጦ ስለዘኽእል እዩ ምስ መሰየ ኣብ መስጊድ ብጎቦ ኮነ ሰይድና ዓሊ ረ/ዓ ክሓልፊ እንኮሎ ረኣዮ እዚ ሰብኣይ ጋሻ እዩ:: ኢሉ ንዓናይ ምሳይ ኢሉ ሑዝዎ ከደ :: ምስኡ ከይድ ሓደረ ንግሆ ምስኮነ ስንቂ ተሰኪሙ ናብ መስጊድ ተመለሰ ንሓደ ሰብ ከይሓተተ 2ይ መዓልቲ ኮይኑ ምስ ነቢ ከይተፈለጠ ምስ መሰየ ድማ ከምሊማዱ ናብ መስጊድ ከደ ኣብኡ ድማ ብጎባ ኮነ ሕጂ እውን ሰይድና ዓሊ ክሓልፍ እንኮሎ ራእዮ እሞ ይብል ገዛይ ትፈልጦ እንዲኻ ናዓናይ ኢሉ ወሰዶ ተተሓሒዞም ከዱ ሰይድና ዓሊ ብዛዕባ ዝኾነ ነገር ኣይሓተቶን

3ይ ለይቲ ድማ ምስ ሰይድና ዓሊ ሓደረ እሞ ይብሎ ኣይትነግረን ዶ? ኣንታይ እዩ ናብ ማካ መምጺኢኻ ኣባዘር ይብል ንተኣማመን ዲና ? ገለ እንትሓተትኩኻ ከምቲ ኣነ ዝደልዮ ክትሕብረኒ ትኽእል ሰይድና ዓሊ ሕራይ እምነትካ ተቀብለዩ ኣለኹ ምስ በሎ :

ኣባዘር ይብል ካብ ርሑቅ ቦታ እየ መጺኤ ኣነ ይደሊ ኣለኹ ምስዚ ሓዲሽ ነቢይ ክራኸብ ከምእውን ካብቲ ዝዛረቦ ንኽሰምዕ በሎ ሰይድና ዓሊ ታሕጓሱ ኣብ ገጹ ተራየ ይብል ወላሂ እሱ ናይ ሓቂ ረሱል ናይ ሓቂ ናይ ሓቂ... እዩ ኢሉ ደጋገመሉ ሰይድና ዓሊ ይብሎ ምስ ወገሐ ተኸተለኒ በቲ ኣነ ዝከዶ መንገድ ዘፈርህ ነገር እንትርእየ ማይ ክግጭብ እየ እንተ ከይደ ድማ ተኸተለኒ ክሳብ ኣብታ ኣነ ዝኣትዋ እተው በሎ ኣባዘር ለይቲ ሙሉእ ከይደቀሰ ሓዲሩ ብሃንቀውታ ንረሱል ሰ/ወ/ወ ንኽሪኦ ካብቲ ዝወርዶ ዋሕይ ድማ ንኽሰምዕ:

ንግሆ ምስ ኮነ ሰይድና ዓሊ ጋሻ ሒዚሎም ናብ ረሱል ሰ/ወ/ወ ከደ :: እግር እግሩ ድማ ኣባዘር ይኽተሎ ነበረ እሱ ድማ የማን ጸጋም ግልጽ ከይበለ ክሳብ ናብ ረሱል ሰ/ወ/ዓ ዝኣቱ

ኣባዘር ይብል ኣሰላም ወዓለይካ ያረሱሉላህ ሰ/ወ/ወ ኣረሱል ይብሉ ወዓለይካ ሰላም ወረሕመቱላሂ ወበረካቱ ኣባዘር ንመጀመርያ ብስላማዊ ሰላምታ ንረሱል ሰላም ዝበሎም እዩ

ኣባዘር ምስ ረሱል ተራኺቡ ኣረሱል ድማ ዳዕዋ ገይሩ ቁርኣን ቀርኣሉ ጊዜ ከይውሰደ ድማ ኣብ እስላም: ኣብ ሓዲሽ ዲን ኣተወ :: ቅድሚ ኣብ ቦቱኡ ምምላሱ መበል 34 ሰብ ኣብ እስልምና ዝኣተወ ነበረ ::

እቲ ዛንታ ንኣባዘር ክንገድፈሉ ባዕሉ ብዛዕባ ዝተረፈ ታሪኽ ሂወቱ ከዘንትወልና

ኣባዘር ይብል ኣብ ማካ ምስ ረሱል ጸኒሐ ብዛዕባ እስልምና ክመሃር ቁርኣን እውን ኣቕሪኡኒ

ኣረሱል ኢሉኒ ኣብ እስልምና ምእታውካ ንሓደ ሰብ ኣይትሓብር ኣነ ይፈርሃልካ ኣለኹ ህዝቢ ማካ ከይቀትሉኻ ኣባዘር ይብል ወለዚ ነብስ ብየድህ ቅዱሚ ካብ ማካ ምኻደይ ኣብ መስጊድ ኣትየ ዓው ኢለ ብዛዕባ ሓቂ ኣብ መንጎ ቁረሽ ክዛረብ እየ :: ኣረሱል ሰ/ወ/ወ ሱቅ በለ ከምቲ ዝቦሎ ድማ ናብ

መስጊድ ከይድ እቶም ቁረሽ ድማ ኮፊ ኢሎም ይዘራረቡ ነበሩ :: ኣብ መንጎኦም ኣትየ ድማ እ ህዝቢ ቁረሽ ኣነ ኣብ እስልምና ኣትየ እየ ኣሽሃዱ ኣና ኢላሃ ኢለላህ ወኣሽሃድ ኣና መሓመደን ረሱሉላህ ገና ዘርባይ ከይወደእኩ ኩሎም ክሳብ ዝስንብዱ ኮኑ ካብ ቦቶኦም ተስኦም ይብሉ ተጠንቀቁሉ ነዚ ካብ ዲኑ ዝወጽእ ዘሎ መንእሰይ ኢሎም ድማ ኩሎም ድማ ይሃርሙኒ ነበሩ ክሳብ ዝመተሉም እንደሃረሙኒ እንከለው ዓባስ ቢኒ ዓ/ሙጠልብ ሓወቦ ረሱል ኣርከበኒ ንኽከላኸለለይ ኣብ መንጎኦም ኣትዩ ይብሎም ወይለኩም ሰብኣይ ክትቀትሉ ካብ ዓለት ቑፋር መንገድ መሕለፊ ቃፍላኹም ምስበሎም ገደፉኒ ምስ ገደፉኒ ናብ ሩስል ከይደ ምስረኣየኒ

ኣረሱል ሰ/ወ/ወ ኢሉኒ ኣየጠንቀቅኩኻን ዶ?

እወ ነብሰይ ገድዳትኒ ገይረዮ

ኣረሱል ይብል ክድ ንህዝብኻ ንገሮም ብዝረኣኻዩን ብዝሰማዕካዩን : ናብ ረቢ ዳዕዋ ግበረሎም እንሽኣላህ ኣጁሪ ትረክብ ወረ ምስ በጸሓካ ሸመይ ተዘርጊሑ ናባይ ምጻእ

ኣባዘር ይብል ኣብ ዓደይ ምስተመለስኩ ምስ ሓወይ ኣኒስ ተራኺብ ይብለኒ እንታይ ገርካ

ኣባዘር ይብል ኣነ ኣስሊመ ከምእውን ኣሚነ ኣኒስ ድማ ረቢ ሉቡ ኸፊቱሉ ኣነ እውን በቲ ድልየት ናትካ ኣሚነ ኣብ እስልምና ኣትየ በሎ ናብ ኣዲኦም ከይዶም ድማ ናብ እስልምና ዳዕዋ ገይሮሙላ እሳ እውን ኣብ ዲንኩም ክኣቱ ኢላ ኣብ እስልምና ኣተወት ካብቲ ጊዜ እዚ እታ ስድራቤት ንዓለት ቑፋር ዳዕዋ ክገብረሎም ጀመረ ከይተዓቡ ከይተጠራጠሩ ድማ ኣብ እስልምና ኣትዮም ሰላት ይሰግዱ ነበሩ ውሕዳት ካብቶም ህዝቢ ድማ ይብሉ ኣንሕና ናብ ዲና ክንጸንሕ ኢና ኪሳብ ኣረሱል ናብ መዲና ዝመጽእ ዳሕራይ ከነመስልም ኢና በሉ ኣረሱል ናብ መዲና ምስ መጹ ኣስሊሞም

ኣረሱል በሉ *ቑፋር ቐፈረላሁላህ ወኣስለሙ ሰለመላሁ*

ኣባዘር ኣብ ዓደ ክሳብ ውግእ ኡሑድን በድርን ኽንደቅን እዚ ኩሉ ውግኣት ምስ ሓለፉ ናብ መዲና ከደ :: ኣባዘር ወሲኑ ንነብሱ ዕርክነት ምስ ኣረሱል ንኽገብር ኣባዘር ንረሱል ሰ/ወ/ወ ሓቲትዎም ንዓኻ ከገልግለካ ደልየኣረሱል ሰ/ወ/ወ ሕራይ ምስ በልዎ ተሓጉሱ ብዕርክነቱን ብኣገልግለነቱን ድልየቱ መለኣሉ ኣረሱል ሰ/ወ/ወ እውን የኽብርዎን ካብ ኩሎም ኣብሊጾም ይርኢዮዎ ነበሩ :: ኩሉ ክርእዮዎን ክረኽብዎን ጊዜ ብርሃን ገጽን ብፊሽክታ ይቅበልዎ ነበሩ

ኣረሱል ሰ/ወ/ወ ካብዛ ኣዱንያ ምስተፋነው : ኣባዘር ብድሕር ኣረሱል ኣብ መዲና ንክቕመጥ ብፍጹም ክጻወሮ ኣይከኣለን መዲና ግርማኣ ምስ ተቀንጠጠ ኣብቲ ኮፊ ዝብሎ ዝነበረ መጂልሰ ዕልሚ ኣይከይድን ነበረ ጽምዋ ምኽኣል ምስ ሰኣኖ ዓዱ ገድፉ ናብ ሻም ተሰደደ :: ኣብኡ ድማ ክቕመጥ ጀመረ ካብ ከሊፋ ስድቅ ክሳብ ፋሩቅ ረ/ዓ ኣብ ከሊፋ ናይ ዑስማን ረ/ዓ ኣባዘር ናብ ደመሽቅ ወሪዱ ኣቡኡ ንሙስሊሚን ርኢዮዎም በድኒያ በቲ ናታ ሽይሻይ ኩጓየዩ ምስ ረኣዩም ብጣዕሚ ተገርመ

ሰይድና ዑስማን ረ/ዓ ንኣባዘር ናብ መዲና ንክመጽእ ጸወየ ::

ኣባዘር ናብ መዲና ተመሊሱ ግን ደስ ኣይበሎን ምኽንያቱ እቶም ሰባት ድልየቶም ናይ ኣዱንያ ሽይሻይ ስለ ዝነበረ ::

ሰይድና ዑስማን ንኣባዘር ኣዝዚዎ ናብ ኣረብዛ ትባህል ንእሽቶይ ገጠር ኣብ ከባቢ መዲና እትርከብ ናብኣ ንኽከይድ ኣብኡ ድማ ይቕመጥ ነበረ ካብ ሰብ ሪሒቁ ባሕታዊ ኮይኑ ዝሕዝዎ ድንብርጽ ከይበሎ ኣድንያ ንድሕርኡ ገድፊዎ ቀጥ ኢሉ እታ ናይ ኣረሱል ከምእውን ናይ ሰሓባ መንገዲ ሒዚ እታ ተረፊት ኣድንያ ገድፉ ንታ ነባሪት ኣኺራ ሒዙ ነበረ ሓደ ጊዜ ሓደ ሰብኣይ መጺእዎ ኩሉ እቲ ገዝኡ በታቲንዎ ሓንቲ ኣቁሑት ኣይረኸበሉን ከምዚ ድማ በሎ ኦ ኣባዘር ኣበይ ኣሎ ንብረትካ

ኣባዘር ይብል ኣብቲ ንዮ ገዛ ኣሎ ( ማለት ኣኺራ ) እቲ ጹብቅ ኣቁሕቲና ንሰዶ ኣሎና

እቲ ሰብኣይ ተረድእዎ እንታይ ከምዝብሎ ዘሎ ይብሎ ግን ናይ ግድን ገለ ኣቁሑት ክህልወካ ኣለዎ ኣብዚ ገዛ ( ማለት ኣድንያ ) ክሳብ ዘለኻ እዋን በሎ ኣባዘር ይብል እንተ ኾነ ግን እቲ ባዓል ገዛ ( ረቢ ) ኣይገድፈናን እዩ በሎ ንኣባዘር ናይ ሻም ንጉስ 300 ዲናር ሰድድሉ ይብሎ ተጠቀመሉ ንዘድልየካ ነገር ኣባዘር ድማ ነቲ ገንዘብ መለሰሉ ከምዚ ድማ በለ ኣይረኸበካን ዶ ? ካባይ ዝተሓተ ባርያ ረቢ ናባይ ትሰደለይ በሎ ኣረሱል ሰ/ወ/ወ ንኣባዘር ክምጉስዎ እንከለው ኣብዛ መሬት ሓቀኛ ሰብኣይ ከም ኣባዘር ኣይረኣኩን ይብሉ ታሪኽ ኣባዘር ኣብዚ ንውድእ ኣብ ቀጻሊ ምስ ካልእ ሰሓቢ የራክበና::

ወቢላሂ ተውፊቕ

ኣቕራቢት:ፎዚያ ሓሰና ኣማን

ካብተን ንዘልኣለም ኣስማተን ኣብ ታሪኽ እስልምና ክዝከራ ዝነብራ ደቂ ኣንስቲዩ ሓንቲ ብልቂስ ራሕመቱላሂ ዓለይሃ(መሊከት ሰባእ) ክትኮውን እንከላ እሳ ኽኣ ብወተሃደራዊ ሓይሊ ዝተፈልጠት ነበረት::ዛንታኣ ድማ ምስ ሰይድና ሱለይማን ዝተተሓሓዘ እዩ:: ታሪኽ ሰይድና ሱለይማን ብሰፊሑ ኣብ ቅሰቲል ኣንብያእ ክንርኦ ኢና ንሕጂ ግን ገለ ካብቲ ታሪኹ ቁንጥር ኣብልና ምስ ዛንታ ናይ ብልቂስ ዝተኣሳሰር ከነዘንቱ ሰይድ ሱለይማን ብማዕረ ብዘይ ኣዳላው ዝመርሕ ዝነበረ ንጉስ ክኸውን እንኮሎ ኣላሁ ስብሓነሁ ወ/ዓ ክእለት ሂብዎ ወተሃደራት ንኽእዚዝ ካብ ሰባት: ኣጅናን: እንስሳታት: ኣዕዋፊ ንኩሉ ይመልክን ይቆጻጸሮም ነበረ::

ሓደ ጊዜ ሰይድና ሱለይማን ምስ ናቱ ወተሃደራታ ኣብ መንገዲ እንዳ ከዱ እኮለው ሁድሁድ( ኩንብራዛ ) ማይ ንክደሊ ኣርሒቁ ከደ ብኡ ንቡኡ ድማ ሰይድና ሱለይማን ንኣገዳሲ ጉድይ ክልእኮ ስለ ዝደለየ ምስ ሰኣኖ ሓሪቁ ከምዚ ዝስዕብ በለ

وَتَفَقَّدَ الطَّيْرَ فَقَالَ مَا لِيَ لا أَرَى الْهُدْهُدَ أَمْ كَانَ مِنْ الْغَائِبِينَ

***ወተፈቅዳ ጠይራ ፈቃላ ማሊያ ላ ኣራል ሁድሁዳ ኣም ካና ሚነል ቃኢቢን***

ሓፈሻዊ ትርጉም-:

ሰይድና ሱልይማን ንሁድሁድ ምስሰኣኖ ይብል ይሪኦ የለኹን ኣበይ ተርፉ

لأُعَذِّبَنَّهُ عَذَاباً شَدِيداً أَوْ لأَذْبَحَنَّهُ أَوْ لَيَأْتِيَنِي بِسُلْطَانٍ مُبِينٍ

***ለኡዓዚበነሁ ዓዛበን ሸዲዳን ኣዎ ለአዝበሓነሁ ኣዎ ለያእቲየኒ ቢሱልጣንን መቢን***

ሓፈሻዊ ትርጉም-:

ኸቢድ መቕጻዕቲ ክቐጽዖ እየ ወይ ክሓርዶ ወይ ድማ መትረፊኡ ቡቅዕ ማስረጃ ከምጸኣለይ አለዎ በለ

فَمَكَثَ غَيْرَ بَعِيدٍ فَقَالَ أَحَطتُ بِمَا لَمْ تُحِطْ بِهِ

ፈመከሳ ቀይረ በዒዲን ፈቃላ ኣሓቱ ቢማ ለም ቱሒጥ ቢሂ

ሓፈሻዊ ትርጉም-:

ሁድሁድ ጊዜ ከይወሰደ ተመለሰ እሞ ከምዚ ድማ በሎ ፈሊጠ እስኻ ዘይትፈልጦ

وَجِئْتُكَ مِنْ سَبَإٍ بِنَبَإٍ يَقِينٍ

ወጂእቱካ ሚን ሳበኢን የቂን

ሓፈሻዊ ትርጉም-:

ሁድሁድ ይብል ኣብ የመን ካብ ዝርኩቡ ህዝቢ ሳባእ ኣገዳሲ ወሬ ኣምጺኢልካ

إِنِّي وَجَدتُّ امْرَأَةً تَمْلِكُهُمْ

ኢኒ ውጀድቱ ኢምራአተን ተሙሊኩሁም

ሓፈሻዊ ትርጉም-:

ሁድሁድ ይብል ኣነ ሪኢየ ሰበይቲ ትመልኮም ህዝቢ የመንን ከባቢኣን ሰብ ይግረም ነይሩ በቲ ኣመራርሓ በቲ ገፊሕ ኣተሓሳስበኣን ክትድፈር ዘይቲክእል ነበረት

وَأُوتِيَتْ مِنْ كُلِّ شَيْءٍ وَلَهَا عَرْشٌ عَظِيمٌ

ወኡቲየት ሚን ኩሉ ሸይኢን ወለሃ ዓርሹን ዓዚም

ሓፈሻዊ ትርጉም-:

ሁድሁድ ይብል ኩሉ ዘለዋ ወታሃደራዊ ሓይሊን: ምዕባልን ካብ ኩሉ ዘገርም ድማ ዝበለጸን ዝዓበየን ዓርሽ ( ዝፋን ) ኣለዋ

وَجَدْتُهَا وَقَوْمَهَا يَسْجُدُونَ لِلشَّمْسِ مِنْ دُونِ اللَّهِ

ወጀድቱሃ ወቀውማሃ የስጁዱና ሊሸምሲ ሚን ዱኒላህ

ሓፈሻዊ ትርጉም-:

ሁድሁድ ብምግራም ይብል እሳን ህዝባን ንረቢ ገድፎም ንጸሓይ ይሰግዱ ረኺበዮም

وَزَيَّنَ لَهُمْ الشَّيْطَانُ أَعْمَالَهُمْ فَصَدَّهُمْ عَنْ السَّبِيلِ فَهُمْ لا يَهْتَدُونَ

ወዘየና ለሁም ሸይጣኑ ኣዕማለሁም ፈሰደሁም ዓን ሰቢሊ ፈሁም ላ የህተዱን

ሓፈሻዊ ትርጉም-:

ሸይጣን ነቲ ስራሓቶም ኣጸባቢቁ ከምዝፈቲዎ ገሩ ኣቅርበሎም ካብቲ መንገድ ናይ ረቢ ኣርሓቑም ኣብ ጥፈኣት ኣእትይዎም

أَلاَّ يَسْجُدُوا لِلَّهِ الَّذِي يُخْرِجُ الْخَبْءَ فِي السَّمَوَاتِ وَالأَرْضِ

ኣላ የስጂዱ ሊልሂ ኣለዚ ዩኽሪጁል ኽብኣ ፊ ሰማዋቲ ወልኣርድ

ሓፈሻዊ ትርጉም-:

ሁድሁድ ብምግራም ይብል ንረቢ ኣይግዙኡን ንኩሉ ሕቡእ ኣብ ሰማይ መርየቲን ዘሎ ዝፍልጥ ጎይታ

وَيَعْلَمُ مَا تُخْفُونَ وَمَا تُعْلِنُونَ

ወያዕለሙ ማቱኹፉና ወማ ቱዕሊኑን

ሓፈሻዊ ትርጉም-:

ኣላሁ ዓ/ወ ቢምስጠር ዝዓቀብኩሞን ብግልጺ ንኹሉ ዝፈልጥ እዩ

اللَّهُ لا إِلَهَ إِلاَّ هُوَ رَبُّ الْعَرْشِ الْعَظِيمِ

ኣላሁ ላ ኢላሃ ኢላ ሁዋ ረቡል ዓርሽል ዓዚም

ሓፈሻዊ ትርጉም-:

ሁድሁድ ይብል ኣላሁ ዓ/ወ እዩ ክብረትን ዕብየትን ዘለው ንዑኡ ኸኣ ክንሰግደሉ ክንእዘዞን ዝግበኣና

قَقَالَ سَنَنظُرُ أَصَدَقْتَ أَمْ كُنتَ مِنْ الْكَاذِبِينَ

ፈቃላ ሰነንዙሩ ኣሰደኽታ ኣም ኩንታ ሚነል ካዚቢን

ሓፈሻዊ ትርጉም-:
ሰይድና ሱለይማን ይብል እዚ ኢልካዩ ዘለኻ ከነረጋግጽ ኢና ሓቁን ሓሰቱን

اذْهَب بِكِتَابِي هَذَا فَأَلْقِه إِلَيْهِمْ

ኢዝሃብ ቢኪታቢ ሃዛ ፈኣልቂሂ ኢለይሂም
ሓፈሻዊ ትርጉም-:
ሰይድና ሱለይማን ወረቀት ጺሒፉ ንሁድሁድ እዚአ ኣብጸሓላ በሎ

تَوَلَّ عَنْهُمْ فَانظُرْ مَاذَا يَرْجِعُونَ

ተወላ ዓንሁም ፈንዙር ማዛ የርጂዑን
ሓፈሻዊ ትርጉም-:
ሰይድና ሱለይማን ይብሎ ምስ ኣብጸሕካላ ርሒቕ ኢልካ ኣብዘይ ይርኢኻ ኮንካ ረኣዩም እንታይ ከምዝምልሱ ድማ ተዓዘብ ሁድሁድ ከምቲ ዝትኣዝዞ ኣብቲ ኮፉ ኢላቱ ዝነበረት ቦታ እታ ደብዳቤ ደርበየላ ብልቂስ ድማ ብምግራም ካብ ሰማይ ደብዳቤ መጽኡኒ ኢላ ኣልዒላ ኣንበበታ ብድሕርኡ ንቶም ሽማግለታት ጸዊዓ ከምዚ ዝስዕብ በለቶም

قَالَتْ يَا أَيُّهَا المَلأُ إِنِّي أُلْقِيَ إِلَيَّ كِتَابٌ كَرِيمٌ

ቃለት ያ አዩሃል መለኡ ኢኒ ኡልቂያ ኢለያ ኪታቡን ከሪም
ሓፈሻዊ ትርጉም-:
ብልቂስ ትብል ኦ ዓበይቲ ኣካየቲ ዓዲ ኣነ ክብርቲ መልእኽቲ መጽኣቲ
ትሕዝቶኣ ድማ ከምዚ ይብል

إِنَّهُ مِنْ سُلَيْمَانَ وَإِنَّهُ بِسْمِ اللَّهِ الرَّحْمَنِ الرَّحِيمِ

ኢናሁ ሚን ሱለይማና ወኢነሁ ቢስሚላሂ ኣራሕማኒ ኣራሒም
ሓፈሻዊ ትርጉም-:
እሱ ካብ ሱለይማን ዝተላእኺ እሱ ድማ ይብል ቢስሚላሂ ኣራሕማን አራሒም

أَلاَّ تَعْلُوا عَلَيَّ وَأْتُونِي مُسْلِمِينَ

ኣላ ተዕሉ ዓለያ ዋእቱኒ ሙስሊሚን
ሓፈሻዊ ትርጉም-:
ሰይድና ሱለይማ ይብል ኣይትከበሩ ሓደ ኮንኩም ሙጹኒ ( ሙስሊሚን )

قَالَتْ يَا أَيُّهَا المَلأُ أَفْتُونِي فِي أَمْرِي

ቃለት ያኣዩሀል መለኡ ኣፊቱኒ ፊ ኣምሪ
ሓፈሻዊ ትርጉም-:
ብልቒስ ትብል ኦ ዓበይቲ ኣካየቲ ዓዲ ምኽርኹም ሃቡኒ ከም ንግስቲ ድልየታ ክትውስን ትኽእል እያ ነይራ ግን ምኽሪ ካብ ህዚባ ብምቕባላ መስተውዓሊት ምኻና ክንርደእ ንኽእል :
ገለ ሰባት ከጋንኑ ከለው ደቂ ኣንስትዮ ርኢቶ የብለንን ኣተሓሳስበእ ጸቢብ ዱኹማትን ሩህርህት እየን ይብሉ ከምእውን ኣብ ሓዲስ ደዒፈ ሻውሩሁና ወኻሊፉ ሁና እዚ ግን ክኸውን ኣይክእልን እዩ ገለ ደቂ ኣንስቲዩ ኣተሓሳስበእን ሪኢቶኣን ኣዝዩ ገፊሕ ካብ ደቂ ተባዕቲዩ ይበልጻ ንዚ ማስረጃ እዚ ድማ እዚ ክንጠቕሶ ዝጸናሕና ኣብ ቁርኣና ተገልጹ ንረኽቦ :

مَا كُنتُ قَاطِعَةً أَمْراً حَتَّى تَشْهَدُونِ

ማኩንቱ ቃጢዓተን ኣምረን ሓታ ተሽሃዱን
ሓፈሻዊ ትርጉም-:
ኣነ ኸሉ እቲ ናትኩም ምኽሪ ኣይነጽጎን እየ ክቕበሎ እየ በለቶም
ሓንቲ ርኢቶ ኣይሃብዋን ንኽንዳፊዕ ኽእለትን ሓይልን አለና በሉዋ

قَالُوا نَحْنُ أُوْلُوا قُوَّة وَأُولُوا بَأْسٍ شَدِيد

ቃሉ ናሕኑ ኡሉ ቁወቲን ወኡሉ ባእሲ ሽዲድ
ሓፈሻዊ ትርጉም-:
ኣንሕና ተመክሮ ናይ ቃልሲን ብርቱዕ ሓይልን ኡኹል ወተሃደራዊ ዕጥቂ አለና

وَالأَمْرُ إِلَيْكِ فَانظُرِي مَاذَا تَأْمُرِينَ

ወልኣምሩ ኢለይኪ ፈንዙሪ ማዛ ታእሙሪን
ሓፈሻዊ ትርጉም-:
እቲ ውሳኔ ካባኺ እዩ እቲ ድልየትኪ ኣዝዝና በልዋ

قَالَتْ إِنَّ الْمُلُوكَ إِذَا دَخَلُوا قَرْيَةً أَفْسَدُوهَا

ቃለት ኢነል ሙሉካ ኢዛ ደኽሉ ቀርየተን ኣፊሰዱሃ
ሓፈሻዊ ትርጉም-:
እዞም ወተሃደራት ዓድና እንተኣቲዮም ክድምስስዋ እዮም
ብልቒስ ብናታ ርእይቶ ትብል እዚ ዓቢ ንጉስ እዩ ኣነ ይፈርሕ ኣለኹ እቲ ናቶም ሓይሊ ከመይ ሙኻኑ ኣይንፈልጦን ኢና ሃንደለፊ ኢልና እንተ ኣቲና ኣብ ክሳራ ከይንወድቕ እሞ ንዑቃት ከይንኸውን

وَجَعَلُوا أَعِزَّةَ أَهْلِهَا أَذِلَّةً وَكَذَلِكَ يَفْعَلُونَ

ወጅዓሉ ኣዒዘታ ኣህሊሃ ኣዚለታ ወከዛሊካ የፊዓሉን
ሓፈሻዊ ትርጉም-:
ንቶም ክብራት ህዝባ ድማ ሑስራት ክገብሮም እዮም ብልቂስ እቲ ኣተሓሳስበኣን ኣመራርሓኣን ብጣዕሚ ዝነኣድ እዩ

وَإِنِّي مُرْسِلَةٌ إِلَيْهِمْ بِهَدِيَّةٍ فَنَاظِرَةٌ بِمَ يَرْجِعُ الْمُرْسَلُونَ

ወኢኒ ሙርሲለቱን ኢለይሂም ቢሃዲየቲን ፈናዚረቲን ቢማ የርጂዑል ሙርሰሉን
ሓፈሻዊ ትርጉም-:
ብልቂስ ትብል: ኣነ ነቶም ሉኡኻት ህያብ ኣትሒዘ ክሰዶም እየ እሞ እቲ ኩነታት ኣጽኒየም ክመጹ ዝዓበየ ህያብ ኣልማዝ ወርቂ ሂባ ሰድዳቶም ::
ንሕጂ ኣብዚ ንድምድም ንመጻኢ ድማ ብቀጻሊ ትሕዝቶ የራኽበና

ወቢላሂ ተፊቅ
ፎዚያ ሓሰን ኣማን,

# ትርጉም ናይ እምነት ብኣላህ( ካላኣይ ክፋል)

እዚ ጽሑፍ ካብ መርበብ ኢንተርነት ኤሪ ኢስላም እተወሰደ እዩ

**ክቡራት ኣሓዋትን ኣሓትን ኣብ ዝሓለፈ ሕታም ኣልዳዕዋ ቁ. 46 ንትርጉም ናይ እምነት ብኣላህ ዝምልከት ክልተ ነጥብታት *1.ብህላውነት ናይ ኣላህ ምእማን: 2.ብጎይታነት ናይ ኣላህ ምእማን:*ኣልዒልና ጽሒፍና ኔርና ኣብዛ ሕታምና ኻኣ:**

1:ብኣምላኽነቱ ምእማን:-2.ብኣስማቱን መግለጺታቱን ምእማን:- ክነቕርብ ኢና:

**<u>1.ብኣምላኽነቱ ምእማን:-</u>**

**ነፍስ ወከፍ ኣስላማይ ብኣምላኽነት ናይ ኣላህ ክኣምን ናይ ግድን እዩ:እዚ ድማ ኣላህ እቲ እንኮ ሓቀኛ ክምለኽ ዝግበኦ ኣምላኽ ምዃኑ ምእማን ማለት እዩ:: <u>ኣል ኢላህ</u> ማለት ሐደ ብቕሪን ኣኽብሮትን ዝምለኽ ማለት እዩ:: እዚ መግለጺ ድማ ንሓደ ኣልላህ ጥራይ እዩ ዝምልከት::ነዚን ዝስዕባ ጥቕስታት ናይ ቅዱስ ቁርኣን ንተዓዘብ:**
**ወኢላሁኩም ኢላሁዋሒዱን ላኢላህ ኢላሁዋ ኣራሕማኑ ኣረሒም ሱረት ኣልበቐራ:ኣያ** 163

وَإِلَهُكُمْ إِلَهٌ وَاحِدٌ لا إِلَهَ إِلاَّ هُوَ الرَّحْمَنُ الرَّحِيمُ (163)

**ሓፈሻዊ ትርጉሙ ኻኣ:**
*" ኣምላኽኩም ድማ ሓደ ኣላህ እዩ::ላኢላህ ኢላሁዋ( ብዘይክኡ ካልእ ክምለኽ ዝግበኦ ኣካል ዘየለ)እቲ ኣዝዩ ርህሩህን መሓርን)"*
**ሱረት ኣልዒምራን ኣያ ጥቕሲ** 18

شَهِدَ اللَّهُ أَنَّهُ لا إِلَهَ إِلاَّ هُوَ وَالْمَلائِكَةُ وَأُوْلُوا الْعِلْمِ قَائِماً بِالْقِسْطِ لا إِلَهَ إِلاَّ هُوَ الْعَزِيزُ الْحَكِيمُ (18)

**ሓፈሻዊ ትርጉሙ ኻኣ:**

*" ኣላህ ብዘይክኡ ክምለኽ ( ኣምልኾት ክግበረሉ)ዝግበኦ ኣካል ከዘየለ ይምስክር ኣሎ::ከምኡ እውን መላእኽትን ሰብ ፍልጠትን ( ብዘይካ ኣልላህ ካልእ ክምለኽ ዝግበኦ ኣካል ከምዘየለ ይምስክሩ)ንሱ እቲ ኣብ ልዕሊ ፍጡራቱ ፍጹም ዝኾነ ፍትሒ ዘለዎ ብዘይክኡ ክምለኽ ዝግበኦ ኣካል ዘየለ እቲ ሓያልን ጥበበኛን:*
*ዝኾነ ኣብ ክንዲ ኣላህ ወይ ድማ ኣብ ጎድኑ ዝተመልኸ ኣካል ድማ ኣምላኽነቱ ሓሶት ምዃኑ ኣላህ ኣብዛ ትስዕብ ጥቕሲ የረጋግጸልና:: **ሱረት ኣልሃጅ ኣያ ቁ** 62*

ذَلِكَ بِأَنَّ اللَّهَ هُوَ الْحَقُّ وَأَنَّ مَا يَدْعُونَ مِنْ دُونِهِ هُوَ الْبَاطِلُ وَأَنَّ اللَّهَ هُوَ الْعَلِيُّ الْكَبِيرُ (62)

**ሓፈሻዊ ትርጉሙ ኻኣ:**
**" ንሱ ድማ ኣላህ እቲ ሓቀኛ ( እቲ እንኮ ሓቀኛ መሻርኽቲ ዘይብሉ ኣምላኽ ብምዃኑ እዩ:: እቲ ንሶም ( ዘይኣመንቲ)ኣብ ክንድኡ ዘምልኽዎ ( ዘገልግልዎ)ድማ ባጥል ( ሓሶት)እዩ::ብርግጽ ኣላህ እዩ እቲ ዝለዓለን ዝዓብየን:: ንዝኾነ ናይ ሓሶት ኣምለኽነት ክትህቦ ኣይትኽእልን ኢኻ::ነዚ ድማ ኣላህ ኣብዛ ጥቕሲ ከምዚ ዝስዕብ ብምባል ይገልጾ::**
**ሱረት ኣልነጅም ኣያ** 23

إِنْ هِيَ إِلاَّ أَسْمَاءٌ سَمَّيْتُمُوهَا أَنْتُمْ وَآبَاؤُكُمْ مَا أَنزَلَ اللَّهُ بِهَا مِنْ سُلْطَانٍ إِنْ يَتَّبِعُونَ إِلاَّ الظَّنَّ وَمَا تَهْوَى الأَنْفُسُ وَلَقَدْ جَاءَهُمْ مِنْ رَبِّهِمْ الْهُدَى (23)

**ሓፈሻዊ ትርጉሙ ኻኣ:**
**"ንሳቶም እኮ ( እቶም ናይ ሓሶት ኣማልኽቲ)ንስኻትኩምን ኣቦታትኩምን ዝሰመኹሞም ኣስማት እንበር ወላሓንቲ ካብ ኣላህ ዝተዋሃብዎ ስልጣን የብሎምን)**
**ኣብ ሱርት ዩሱፍ ምስ ንምልከት ድማ ዩሱፍ ( ሰ.ዓ.ወ)ነቶም ኣብ ቤት ማእሰርቲ ክልተ ብጾቱ ነዚ ዝስዕብ ክብሎም ንዕዘብ)**
**ሱረት ዩሱፍ** :39-40

يَا صَاحِبَيِ السِّجْنِ أَأَرْبَابٌ مُتَفَرِّقُونَ خَيْرٌ أَمْ اللَّهُ الْوَاحِدُ الْقَهَّارُ (39)
مَا تَعْبُدُونَ مِنْ دُونِهِ إِلاَّ أَسْمَاءً سَمَّيْتُمُوهَا أَنْتُمْ وَآبَاؤُكُمْ مَا أَنزَلَ اللَّهُ بِهَا مِنْ سُلْطَانٍ إِنْ الْحُكْمُ إِلاَّ لِلَّهِ أَمَرَ أَلاَّ تَعْبُدُوا إِلاَّ إِيَّاهُ ذَلِكَ الدِّينُ الْقَيِّمُ وَلَكِنَّ أَكْثَرَ النَّاسِ لا يَعْلَمُونَ (40)

**ሓፈሻዊ ትርጉሙ ኻኣ:**

*" ኦ ኣንቱም ብጾተይ:ብዙሓት ዝተፈላለዩ ኣማልኽቲ ዶ ይበልጹ ዋላስ እቲ ሓደ ዘይምከት ( ማንም ክብድሆ ዝኽእል ዘየለ)ኣምላኽ:እቶም እተምልኽዎ ዘለኹም እኮ ኣላህ ወላ ሓደ ስልጣን ዘይህቦም ንስኹምን ኣቦታትኩምን ዝሰመኽሞም ኣስማት እዮም::*

ስለዚ ካብዚ ጥቕስታት ናይ ቅዱስ ቁርኣን ኩሎም ነብያት ነታ ሓንቲ ምስክርነት ማለት እቲ ብሓቂ ክምለኽ ዝግበኦ እቲ ሓደ ኣላህ በይኑ ጥራይ ምዃኑን ካለኦት ኣብ ክንድኡ ወይ ድማ ኣብ ጎድኑ ዝምለኹ ድማ ኩሎም ናይ ሓሶት ኣማልኽቲ ምዃኖምን ክምስክሩ እዮም መጽዮም::ነዚ ድማ ኣላህ ኣያታት ( ጥቕስታት) ብዛያዳ የብራሃልና)::

ኣብ ሱረት ኣልኣንቢ.ያእ:25

وَمَا أَرْسَلْنَا مِنْ قَبْلِكَ مِنْ رَسُولٍ إِلاَّ نُوحِي إِلَيْهِ أَنَّهُ لا إِلَهَ إِلاَّ أَنَا فَاعْبُدُونِ (25)

ሓፈሻዊ ትርጉሙ ኻኣ:

*" ብቕድሜኻ ( ኦ ሙሓመድ) ሰ.ዓ.ወ ንወላ ሓደ መልእኽተኛይ ( ርሱል) እኳ ብዘይካይ ካልእ ክምለኽ ዝግብኦ ኣካል ከምዘየለን ንኣይ ጥራይ ከምልኹ ከምዝግበኦምን ከየርኣኹ ዋሕይ ወይ ራእይ ከየውረድኩ) ( ከይሓበርኩ) ኣይላኣኽኩን::*

ሱረት ኣልናሕል 36

وَلَقَدْ بَعَثْنَا فِي كُلِّ أُمَّةٍ رَسُولاً أَنْ اُعْبُدُوا اللَّهَ وَاجْتَنِبُوا الطَّاغُوتَ فَمِنْهُمْ مَنْ هَدَى اللَّهُ وَمِنْهُمْ مَنْ حَقَّتْ عَلَيْهِ الضَّلالَةُ فَسِيرُوا فِي الأَرْضِ فَانظُرُوا كَيْفَ كَانَ عَاقِبَةُ الْمُكَذِّبِينَ (36)

ሓፈሻዊ ትርጉሙ ኻኣ:

*ብርግጽ ድማ ናብ ኩሉ ኡማ ( መንግስቲ) ወይ ኣህዛብ ንኣላህ ጥራይ ኣምልኹ ተገዝኡ ኣምልኾት ናይ ጣቑት ( ኩሉ ኣብ ክንዲ ኣላህ ብሓሶት ዝምለኽ ድማ ኣውግዱ::ዝብሉ መልእኽተኛታት ልኢኽና ኢና::*

(ሓቤረታ) ኣላህ ኣብ ቅዱስ ቁርኣን ብዙሕ ግዜ ንነብሱ ብናይ ብዙሓት ጌሩ እዩ ዝጽዋዕ::እዚ ድማ ኣላህ ነቲ ክብረቱን ዕብየቱን ንምግላጽ ኢሉ እዩ::

ስለዚ ንኣላህ ብኸምዚ ባዕሉ ዝገለጸልና ጌርና እንተዘይተቐበልካዮ ብኣላህ ይኣምን እየ ክትብል ኣይትኽእልን ኢኻ ማለት እዩ::

## *2. ብኣስማቱን መግለጺታቱን ምእማን:-*

እዚ ድማ በቶም ኣላህ ባዕሉ ኣብ ቅዱስ መጽሓፍን(ቁርኣን)ከምኡውን ኣብ ሱና ናይ መልእኽተኛኡ( ሙሓመድ ሰ.ዓ.ወ ዘረጋገጾም ኣስማቱን መግለጺታቱን ብዘይ ምብልሻው ወይ ምንጻግ ናይ ትርጉሙ ወይ ድማ ምስ ፍጡራት ብዘይ ምምስሳልን ምጥምዛዝን ኣረጋጊጽካ ምእማን ማለት እዩ:: ነዚ ድማ ኣላህ ከምዚ ዝስዕብ ብምባል የረጋግጸልና::

ሱረት ኣልኣዕራፍ:180

وَلِلَّهِ الأَسْمَاءُ الْحُسْنَى فَادْعُوهُ بِهَا وَذَرُوا الَّذِينَ يُلْحِدُونَ فِي أَسْمَائِهِ سَيُجْزَوْنَ مَا كَانُوا يَعْمَلُونَ (180)

ሓፈሻዊ ትርጉሙ ኻኣ:

ኩሎም እቶም ምልኩዓት ብሉጻት ኣስማት ናይ ኣላህ እዮም ብኣላህ እዮም ዝውነኑ::ስለዚ ብመገዶም በቶም ኣስማት ጌርኩም ለምንዎም ጸውዕዎ: ዱዓ ግበሩሉ ንኣብነት ከም ያራዝቕ ኣርዙቕና ማለልት ኦ ኣታ ሊጋስ ለግሰልና::ራዝቕ ሊጋስ ሓደ ካብቶም ናይ ኣላህ ምልኩዓት ኣስማት ብምዃኑ ኣብዛ ዱዓ ኣብነት ተጠቂምናሉ ንርከብ::ካብ ምትእኽኻብ ናይቶም ኣስማቱ ዘበላሸዉ (ትርጉሙ ዝጠውዩ ወይ ዝጥምዝዙ)ተፈለዩ ተገለሉ ብርግጽ ድማ ዓስቦም ናይቲኢ ዘበላሸውዎ ክወስዱ ክቀጽዑ እዮም::

ኣላህ ብምቕጻል ኣብዛ ትስዕብ ጥቕሲ እቶም ምልኩዓት ኣስማት ንዕኡ ጥራይ ከምዝምልክተኡ ይገልጸልና::

ሱረት ኣልሩም 27

وَهُوَ الَّذِي يَبْدَأُ الْخَلْقَ ثُمَّ يُعِيدُهُ وَهُوَ أَهْوَنُ عَلَيْهِ وَلَهُ الْمَثَلُ الأَعْلَى فِي السَّمَوَاتِ وَالأَرْضِ وَهُوَ الْعَزِيزُ الْحَكِيمُ (27)

*መግለጺ ናይ ትርጉሙ:*

" ንሱ እዩ ኣላህ ድማ ነቲ ንዕኡ ኣዝዩ ቀሊል ዝኾነ መስርሕ ናይ ፍጥረት ዝጀምሮን ዝደግሞምን ኣብ ሰማይትን ምድርን እቲ ዝዓበየ መግለጺታት እውን ናቱ ናይ በይኑ እዩ( ንዕኡ ዝመሳሰል ዝኾነ ኣካል የለን) ዝሓየለን ጥበበኛን::

ስለዚ ካብዘን ክልተ ጥቕስታት እቶም ምልኩዓት ኣስማትን ዝዓብየን ዝላዓለን መግለጺታትን ንኣላህ ንበይኑ ጥራይ ከምዝምልከት ወይ ድማ ብኣላህ ጥራይ ክምዝውነን ክንርዳእ ንኽእል::

ነዚ ድሕሪ ምርዳእ ሓደ ሰብ ኣዝዩ ክጥንቀቀለን ዝግብኦ ነጥብታት ኣለዋ::ኣብዘን ቀጺለን ተገሊጸን ዘለዋ ነጥብታት ዝወደቐ ሰብ ድማ ፈጺሙ ኣብ ኣላህ ምሉእ እምነት ኣለኒ ወይ ድማ ኣብ ኣስማትን መግለጺታትን ናይ ኣላህ ሓቀኛ እምነት ኣለኒ ክብል ኣይክእልን እዩ::ንሳተን ድማ:

1.ታሕሪፍ( ምጥምዛዝ)

እዚ ማለት ንትርጉም ናይቲ ሓቀኛን ብሩህን ኣላህ ባዕሉ ኣብ ቅዱስ ቁርኣኑን ኣብ ሱና ናይ ነብይና ( ሙሃመድ ሰ.ዓ.ወ)ዝገለጾ ኣስማቱን ,መግለጺታቱን ( ኣስማኢ ወሲፋቲሂ) ብምጥምዛዝ ካልእ ኣላህ ወላ እውን ናቱ ነብይ (ሙሓመድ ሰ ዓ.ወ.)ዘይገለጾ ትርጉም ምሃብ ማለት እዩ::ንኣብነት ገለ ሰባት ንትርጉም እቲ ኣብ ቅዱስ ቁርኣን ኣላህ "ዱልላህ" ወይ ድማ ኢድ ናይ ኣላህ:ኢሉ ዝገለጾ " በረከት ናይ ኣላህ ወይ ድማ ናይ ኣኣላህ ሓይሊ ብምባል ይጥምዝዝዎ::

2.ታዕጢል(ምንጻግ)

እዚ ድማ ነቲ ኣላህ ባዕሉ ኣብ ቅዱስ ቁርኣኑን ኣብ ሱና ናይ ነብይና ሙሓመድ ሰ.ዓ.ወ ዝገለጾ ኣስማቱን መግለጺታቱን ምንጻግ ማለት እዩ::ዝኾነ ወላ ንሓንቲ ትኹን ካብ ኣስማት ናይ ኣላህ ወይ ካብ መግለጺታቱ ዝነጸገ ሰብ ብሓቂ በቶም ኣብ ቁርኣንን ሱናን ዝተገልጹ ኣስማትን መግለጺታትን ናይ ኣላህ ኣይኣምንን ማለት እዩ::

3.ተምሲል( ንኣላህ ብፍጡራት ምምስሳል)
እዚ ድማ ንመግለጺታት ናይ ኣላህ ብመግለጺታት ናይ ሰብ ወይ ካለኦት ፍጡራት ጌርካ ምምሳል ማለት እዩ::ንኣብነት ኢድ ናይ ኣላህ ከም ናይ ሰብ እዩ ምባል ወይ ድማ ኣላህ ኣብ ልዕሊ ዝፋን ክብ ኢሉ ማለት ልክዕ ከም ሰብ ኣብ ኩርሲ ኮፍ ዝበለ እዩ ኢልካ ምምስሳል...ወዘተ::ንኣላህ ወይ መግለጺታት ናይ ኣላህ ምስ ናይ ፍጡራት ምምስሳል ውዱእ ጌጋ ምዃኑ ኣላህ ኣብዛ ትስዕብ ጥቕሲ ብብሩህ ዝኾነ መንገዲ ይገልጸልና::

ኣብ ሱረት ኣልሹራ:11

لَيْسَ كَمِثْلِهِ شَيْءٌ وَهُوَ السَّمِيعُ الْبَصِيرُ (11)

ሓፈሻዊ ትርጉሙ ኻኣ:

" ንዕኡ:ንኣላህ ዝመስል ወላ ሓደኳ የልቦን ንሱ( በይኑ) እዩ ድማ እቲ ኩሉ ዝሰምዕን ኩሉ ዝዕዘብን::

4.ተከዪፍ (ከመይነቱ ምሕሳብ ወይ ምምርማር)
እዚ ማለት ብዛዕባ ከመይነት ናይ መግለጺታት ናይ ኣላህ ምሕሳብን ማለት እዩ::ነዚ ድማ ኣላህ ኣብዛ እትስዕብ ጥቕሲ ይገልጾ::
ሱረት ጣሃ 110:
يَعْلَمُ مَا بَيْنَ أَيْدِيهِمْ وَمَا خَلْفَهُمْ وَلَا يُحِيطُونَ بِهِ عِلْمًا (110)
ሓፈሻዊ ትርጉሙ ኻኣ:
" ንሳቶም ድማ (ደቂ ሰባት)ወላ ሓንቲ ካብ ፍልጠቱ ክግምቱ ኣይክእሉን( ኣይርድኡን)

ስለዚ ካብዛ ጥቕሲ ጥራይ ብዛዕባ ከመይንተ( ማለት ብኸመይ ኮይኑ ምባል)ናይ ግድን መግለጺታት ናይ ኣላህ ክንሓትት ወይ ክንመራመር ከምዘይንኽእል ንርዳእ:: ንኣብነት ኣላህ ብኸመይ ኣብ ልዕሊ ዝፋኑ ክብ( እስተዋ)ኢሉ ኢልና ክንሓትት ወይ ክንመራመር ኣይንኽእልን ኢና:ምኽንያቱ ኣብዛ ላዕሊ ዝተገልጸት ኣያ ኣላህ ሱብሓነሁ ወታዓላ ብዛዕብኡ ክንግምት ከምዘይንኽእል ነጊሩና እዩ::ፍጹም ልዕሊ ዓቕሚ ናይ ኣተሓሳስባ እዩ::

ስለዚ ዝኾነ ሰብ ነዘን ዝተጠቕሳ ኣርባዕተ ሓደገኛ ነጥብታት ወጊዱ በቲ ልዕል ኢሉ ጌሩ ንኣላህ ዝተቐበለ ሰብ ብሓቂ ኣብ ኣላህ ይኣምን ክባሃል ይካኣል::

መቐጸልታ ናይ ሕታም ኣልዳዕዋ ቁ:45

# ናይ ሰላት ኣገባብ

ከምኡዉን የእዳዉ ኣብ መሬት ከንጽፎ የብሉን ምኽንያቱ ነብይ
صلى الله عليه وسـلم
﴿ اعتدلوا في السجود ، و لا يبسط أحدكم ذر ا عيه انبساط الكلب ﴾

متفق عليه
<<ኣብ ሱጁድ ቀጥ በሉ ሓደ ዝሰግድ ሰብ የእዳዉ ከም ከልቢ ኣብ መሬተ ኣየንጽፎም >> ስለ ዝበሉ።
ኣብ ዝሓለፈ ቁጽሪ 9 ዘሎ ዘሎ ስእሊ ተመልከት ካብ ሱጁድ ርእሱ ሓፍ ኣቢሉ ኣላሁ ኣክበር ይብል፡ ጸጋማይ እግሩ ኣንጺፉ ኮፍ ይብላ፡ ናይ የማናይ ከብዲ ኣጻብዕቲ እግሩ ድማ ይተኽሎ

ኣብ ቁጽሪ 10 ዘሎ ስእሊ ተመልከት



10

ኣእዳዉ ኣብ ሰለፉን ብርኩን ኣንቢሩ ህድእ ኢሉ <<ረቢ ኢቕፊርሊ ረቢ ኢቕፊርሊ፡ ረቢ ኢቕፊርሊ፡ ኣላሁማ ኢቕፊርሊ ወርሓምኒ ወህዲኒ ወርዙቕኒ ወዓፊኒ ወጅቡርኒ፡>> ይብል።
ኣብ ቁጽሪ 11 ን 12ን ዘሎ ስእሊ ተመልከት





11 12

ከምኡንዉን ከምቲ ካብ ሩኩዕ ምስ ተመልሰ ኣብ ቂያም ህድእ ዝበለ ኣብዚዉን ከምኡ ህድእ ይብል ምኽንያቱ ነብይ صلى الله عليه وسـلم ካብ ሩኩዕ ምስ ተመልሱ ከምኡዉን ኣብ ሞንጎ ክልተ ሱጁድ ዝግ ኢሎም ይጸንሑ ኔይሮምዩም ። ካልኣይ ግዜ ድማ ከምታ መጀመርታ ዝገበራ ዓይነት ሱጁድ ይገብር ።
ካብ ሱጁድ ርእሱ ሓፍ ኣቢሉ ኣላህ ኣክበር ኢሉ ከምታ ኣብ ሞንጎ ክልተ ሱጁድ ኮፍ ዝበላ ኮፍ ይብል፡ እዛ ኮፍ ዝብላ ጀልሰት-ኣልኢስቲራሓ ትበሃል ኮፍ ከይበለ ጠጠዉ ተበልዉን ሓንቲ የብሉን ምኽንያቱ ተፈታዊ ዳኣምበር ግዴታ ኣይኮነን፡ኣብኣ'ዉን ዝግበር ዱዓን ዚክርን የብላን።

⇨ ናብታ ካልኣይቲ ረክዓ እንተኸኢሉ ብብርኩ ተደጊፉ ይትስእ እንተደኣ ይጽግሞ ኮይኑ ኣብ መሬት ብኢዱ ተደጊፉ ይትስእ፡
⇨ ካብ ሩኩዕ ተመሊሱ ደው ምስ በለ <<ኣልፋቲሓ >> ይቀርእ፡ ከምቲ ናይ መጀመርያ ረክዓ ዝገበሮ ኽኣ ድሕሪ ኣልፋቲሓ ካብ ዝሓፈዞ ሱራ ናይ ቁርኣን ይቀርእ።
* ንኢማም ተኽቲሉ ዝሰግድ ሰብ ንኢማም ክቕድሞ የብሉ ምኽንያቱ ነብይ صلى الله عليه و سـلم ካብዚ ተግባር ንህዝቦም ኣጠንቂቖ'ዮም፡ ከምኡዉን ንኢማም ማዕረ ማዕሪኡ ንኻድ ዝተጸልአ ተግባር እዩ። እቲ ሱና ንኢማም ደድሕሪኡ ተኸቲልካ ካብኡ ካብኡ ከይደንጎኻ ምስኡ ምክትታል እዩ፡ ምኽንያቱ ነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسـلم ኣብ ዘረባኦም ከምዚ ኢሎም'ዮም፤
﴿إنمـــاجعل الأمام ليؤتم به، فلا تختلفوا عليه، فإذا كبر فكبروا ، وإذا ركـــع فاركعوا، وإذا قال سمع الله لمن حمده فقولو ربنا ولك الحمد وإذا سجد فاسجدوا﴾ الحديث متفق عليه
((ኢማም ንኽትክትልዎ'ዩ ተገይሩ ምስኡ ኣይትፈላለዩ ፡ እንተደኣ ኣላሁ ኣክበር ኢሉ ኣላሁ ኣክበር በሉ፡ እንተዳኣ ሩኩዕ ገይሩ ሩኩዕ ግበሩ፡ እንተዳኣ ሰሚዐላሁ ሊመን ሓሚዳ ኢሉ ረበና ወለከልሓምድ በሉ፡ እንተዳኣ ሱጁድ ገይሩ ሱጁድ ግበሩ ))
እታ ሰላት ባዓልቲ ክልተ ርክዓ ከም ኣሱብሒ፡ ጅምዓት፡ ዒድ እንተኾይና ካብ ሱጁድ ምስ ተመልሰ ጸጋማይ እግሩ ብምዕጻፍ ኮፍ ይብላ ኣጻብዕቲ ናይ የማናይ እግሩ ድማ ይተኽሎ፦ ኣብ ቁጽሪ 10 ዝሓለፈ ስእሊ ተመልከት የእዳዉ ኣብ ሰለፉ ብምቅማጥ ናይ የማናይ ኢድ ኣጻቢዕቱ ኩለን ጨቢጡ ኣመልካቲት ኣጻብዕቲ ከም ምምልካት መልክዕ ዉጥ የብላ ወይ ከኣ ዓባይ ዓባይቶን ማእከለይትን ከም ቀለቤት ስሪሑ ንኣመልካቲት ከንቀሳቕሳ ዝበለጸ'ዩ ምኽንያቱ ክልቲኡ ዓይነት ኣገባብ ካብ ነብይ صلى الله عليه وسـلم ተረጋጊጹ ኣዩ።

ኣብ ቁጽሪ 13ን 14ን ዘሎ ስእሊ ተመልከት







ኣቲ ዝበለጸ ከኣ ሓንሳእ በዚ ሓንሳእ በቲ ኣንተገበረ እዩ።
ኣመልካቲት ኢድ ኣብ ሽም ረቢ ዝዝከረሉ ከምኡውን ኣብ ዱዓእ ዝግበረሉ የንቀሳቅሳ፡ ጸጋማየ ኢዱ ከኣ ኣብ ብርኩን ሰለፉን የንብሮ።
ኣብዛ ኮፍ ኢልዋ ዘሎ ከኣ ኣትሒያቱ የቀርእ፤
<< ኣትሒያቱ ሊላሂ ወሰለዋቱ ወጠይባቱ ኣሰላሙ ዓለይካ ኣዩሃ ነቢዩ ወራሕመቱላሂ ወበረካቱሁ ኣሰላሙ ዓለይና ወዓላ ዒባዲላሂ ሳሊሒን ኣሽሃዱ ኣንላኢላሃ ኢለላህ ዋኣሽሃዱ ኣና ሙሓመደን ዓብዱሁ ወረሱሉሁ >> ብድሕሪ'ዚ ፤
<< ኣላሁመ ሰሊ ዓላ ሙሓመድ ወዓላ ኣሊ ሙሓመድ ከማ ሰለይታ ዓላ ኢብራሂም ወዓላ ኣሊ ኢብራሂም ኢነካ ሓሚዱን መጂድ፡ ወባሪክ ዓላ ሙሓመድ ወዓላ ኣሊ ሙሓመድ ባረክታ ዓላ ኢብራሂም ኢነካ ሓሚዱን መጂድ >> ይብል።

⇨ ቀጺሉ ካብዘን ኣርባዐተ ነገራት ረቢ ንኽሕልዎ ዱዓ ይገብር።
<< ኣላሁማ ኢኒ ኣዑዙ ቢካ ሚን ዓዛቢ ጀሃነም ወሚን ዓዛቢል ቀብር ወሚን ፊትነት ኣልማሕያ ወልመማት ወሚን ፊትነት ኣልመሲሐ-ደጃል፡ >> ይብል።
⇨ ብድሕሪ'ዚ ዝደለዬ ዱዓእ ካብ ኼር ናይ ኣዱንያን ኣኼራን ይገብር፡ ከምኡውን ንወለዱን ነሕዋቱ ኣስላምን ዱዓእ እንተገብረሎ ጸገም የለን። ዱዓእ ኣብ ፈርዲ ናይ ሰላት ይኹን ኣብ ሱና ክፍጽም ይክእል'ዩ። ምኽንያቱ ኣብ ሓዲስ ናይ ኢብኒ መስዑድ ነብይ ኣትሒያቱ ምስ መሃርዎ ከምዚ ኢሎም፤

﴾

﴾ ثو ليتذير من المسالة ماشاء ﴿

وفي لفظ أخر ﴾ثو ليتذير من الدعاء المجبه إليه﴿

እዚ ከኣ ሓደ ባርያ ዘድልዮ ካብ ናይ ኣዱንያን ኣኼራን ብጠቅላላ ክልምን ማለት'ዩ።
⇨ ብድሕሪ'ዚ ናብ የማን ገጹ ብምጥማት ኣሰላሙዓለይኩም ወራሕመቱላሂ ይብል ፡ ከምኡውን ናብ ጸጋም ኣሰላሙ ዓለየኩም ወራሕመቱላሂ ይብል።

⇨ እንተዳኣ እታ ሰላት በዓልቲ ሰለስተ ረክዓ ከም መቅሪብ ወይ ከኣ ባዓልቲ ኣርባዕተ ረክዓ ከም ዙህሪ፡ ዓስሪ፡ ኣልዒሻ፡ ኮይና እዚ ዝበልናዩ ኣትሒያቱ ምስ ቀርኣ ብብርኩ ተደጊፉ ይትስእ የእዳዉ ከኣ ክሳብ ሞንከቡ ወይ ጥቓ እዝኑ ሓፍ ኣቢሉ ኣላሁ ኣክበር ይብል። የእዳዉ ከምቲ ዝሓለፈ ኣብ ደረቱ የንብሮ፡ ከምኡውን ኣልፋቲሓ ጥራይ ይቀርእ።

⇨ ሓደ ሓደ ግዜ ኣብ ሳልሰይቲ ረክዓ ከምኡውን ኣብ ራብዓይቲ ረክዓ ድሕሪ ኣልፋቲሓ ዝኾነ ሱራ ክቀርእ ጸገም የብሉን ምኽንያቱ ነብይ صلى الله عليه وسلم ከምዝገበርዎ ኣብ ሓዲስ ኣቢ ሰዒድ ተረጋጊጹ እዩ። ከምኡውን ሰላት ዓለነቢይ ኣብታ ቀዳመይቲ ተሻሁድ እንተገደፎ ጸገም የብሉን፡ እዚ ደኣምበር ዋጂብ ኣይኮነን።

⇨ ብድሕ'ዚ ኣብ ሳልሰይቲ ረክዓ ናይ መቅሪብ፡ ኣብ ራብዐይቲ ናይ ዙህርን ዓስርን ኣልዒሻን ኣትሒያቱ ይቀርእ፡ ከምኡውን ሰላት ዓለነቢ ይቀርእ፡ ከምኡውን ካብ መቅጻዕቲ ናይ ጀሃነም ካብ መቅጻዕቲ ናይ ቀብሪ ካብ ፈተነ ናይ ሂወትን ሞትን ካብ ፈተነ ናይ መሲሐ-ደጃልን ሓልወኒ ብምባል ካብ ረቢ ዑቅባ ይሓትትን ዱዓእ የብዝሕን ካብቲ ሸርዓዊ ዝኾነ ዱዓ ኣብ ሰላት ይኹን ኣብ ካልእ ግዜ ዝበሃል
<< ረበና ኣቲና ፊ ኣዱንያ ሓሰና ወፊ ኣል ኣኺረቲ ሓሰና ወቂና ዓዛበ ናር፡>> ይብል። ምኽንያቱ ኣነስ رضى الله عله ናይ ነብይ صلى الله عليه وسلم ዝበዝሕ ዱዓእ << ረበና ኣቲና ፊ ኣዱንያ ሓሰና ወፊ ኣል ኣልኺረቲ ሓሰና ወቂና ዓዛበ ናር >> ዝበል እዩ ኔሩ ይብል ።

⇨ እንተዳኣ እታ ሰለት በዓልቲ ሰለስተ ረክዓ ከም መቅሪብ ወይ ከኣ ባዓልቲ ኣርባዕተ ረክዓ ከም ዙህሪ፡ ዓስሪ፡ ኣልዒሻ፡ ኮይና ኮፍ ኣባህልኡ ብተወሩክ ይኸዉን፡ ተወሩክ ማለት ከኣ ጸጋመይቲ እግሩ ትሕቲ ዳንጋ የማነይቲ እግሩ ኣሕሊፉ ናይ የማነይቲ ኣጻብዕቲ እግሩ ብምትካል ወይ ብምዕጻፍ ብመቀመጢኡ ኣብ መሬት ኮፊረ ይብል፡ እዚ ከኣ ሓዲስ ናይ ኣቢ ሑመይድ ይርከብ።

ኣብ ቁጽሪ 15ን 16 ዘሎ ስእሊ ተመልከት


15


16

ብድሕሪ'ዚ ናብ የማን ገጹ ኣሰላሙ ዓለይኩም ወራሕመቱላሂ ይብል፡ ከንኡዉን ናብ ጸጋም ገጹ ኣሰላሙ ዓለይኩም ወራሕመቱላሂ ይብል።

ሰላት ምስ ወደአ ከምዚ ይብል፡
ሰለስተ ግዜ ኣስተቕፌሩላህ ይብል፡
ከምኡዉን << ኣላሁማ ኣንታ ሰላም ወሚንከ-ሰላም ተባረክታ ያዘል ጀላሊ ወልኢክራም፡ ላኢላሃ ኢለላህ ዋሕደሁ ላሸሪካ ለሁ ለሁልሙልኩ ወለሁል ሓምዱ ወሁዋ ዓላ ኩሉ ሸይኢን ቀዲር ላሓዉላ ወላ ቁወታ ኢላ ቢላህ ኣላሁማ ላማኒዓ ሊማ ኣዕጠይታ ወላ ሙዕጢያ ሊማ መናዕታ ወላ የንፌዑ ዘልጀዲ ሚንካ ኣል ጀድ፡ ላኢላሃ ኢለላህ ወላ ናዕቡዱ ኢላ ኢያህ ለሁ ኣኒዕመታ ወለሁ ኣልፈድል ወለሁ አሰናኡ ኣልሑስና ላኢላሃ ኢለላህ ሙኽሊሲና ለሁዲና ከሪሃ ኣልካፊሩን >> ይብል።
ከምኡዊን ሰላሳን ሰለስተን ግዜ ሱብሓነላህ፤ ሰላሳን ሰለስተን ግዜ ኣልሓምዱሊላህ፤
ሰላሳን ሰለስተን ግዜ ኣላሁ ኣክበር ይብል።
ከምኡዉን መበል ሚእቲ ላኢላሃ ኢለላህ ዋሕደሁ ላሸሪከ ለሁ ለሁልሙልኩ ወለሁልሓምዱ ወሁዋ ዓላ ኩሉ ሸይኢን ቀዲር ይብል።
ከምኡዉን ኣብ ኣየቱ ኣልኩርሲ ይቀርእ ከምኡዉን ኣብ ድሕሪ ነፍሰ ወከፍ ሰላት << ቁልሁወላሁ ኣሓድ >> << ቁልኣዑዙ ቢረቢልፋለቕ >> << ቁል ኣዑዙ ቢረቢ ናስ >> ይቀርእ፡ ብፍላይ ኣብ ኣሱብሕን መቅሪብን ግን ሰሰለስተ ግዜ ንኽቀርእን ኣብ ሓዲስ ናይ ነብይ صلى الله علي وسـلم ስለ ዘሎ ዝተፈትወ ተግባር እዩ።
ከምኡዉን ኣብ መቅሪብን ኣሱብሕን << ላኢላሃ ኢለላህ ዋሕደሁ ላሸሪከ-ለሁ ለሁል ሙልኩ ወለሁል ሓምዱ ዩሕይ ወዩሚት ወሁዋ ዓላ ኩሊ ሺይኢን ቀዲር >>
ዓሰርተ ግዜ ንኽብል ፍትዉ ምኳኑ ፡ ኣብ ሓዲስ ናይ صلى الله علي وسـلم ኣሎ ።

ከምኡዉን ከምቲ ኣብ ሓዲስ ናይ ዓኢሻን ኣብ ካልእ ብዙሕ ኣሓዲስ ዝሕብሮ እንተዳኣ ኢማም ኮይኑ ኣስጊዱ ድሕሪ እተን ሰለስተ ግዜ: እስቲቕፋር፡ ከምኡዉን << ኣላሁማ ኣንተ ሰላም ወሚንከ-ሰላም ተባረክታ ያዘል ጀላሊ ወልኢክራም >> ምስ በለ ገጹ ናብቶም ተኸቲሎሞ ክሰግዱ ዝጸንሑ ይገብር።
እዚ ኩሉ ኣዝካር ከኣ ሱና ደኣምበር ፈርዲ ኣይኮነን።
ከምኡዉን ዝኮነ ኣስላምይን ኣስላመይትን ቕድሚ ዙህሪ ኣርባዕተ ረክዓ፡ ብድሕሪኡ ክልተ፡ ድሕሪ መቅሪብ ክልተ ረክዓ፡ ድሕሪ ኣልዒሻ ክልተ ረክዓ፡ ቅድሚ ኣሱብሒ ክልተ ረክዓ ብሓፈሻ ዓሰርተ ክልተ ረክዓ ንኽሰግድ ዝተፈትወ እዩ ምኽንያቱ ነብይ صلى الله عليه وسـلم ኣብ መገሻ እንተዘይኮይኖም ኣይገድፍዎንን እዮም ኔሮም ።
እንተዳኣ ኣብ መገሻ ኮይኖም ንኹለን ገዲፎም ንሱና ናይ ኣሱብሑን ዊትሪን ግን ኣይገድፍዎንን ኢዮመም ኔሮም።
እቲ ዝበለጸ ኣብነት ናትና ከኣ ነብይ صلى الله عليه وسـلم እዩም። ምኽንያቱ ኣላህ ኣብ ቁርኣን ከምዚ ይብል፤
﴿ لقد كان لكم في رسول الله أسوة حسنة ﴾ الأحزاب 31
ከምኡዉን ነብይ صلى الله عليه وسـلم ከምዚ ይብሉ፤
﴿ صلواكما رايتموني أصلي ﴾

﴿ ከምታ ክሰግዳ ዝራኹምኒ ጌርኩም ስገዱ ﴾
እቲ ዝበለጸ እዘን ረዋትብ ከምኡዉን ዊትሪ ኣብ ገዛ እተተሰገዳ ይበልጽ ከምኡ እንተኾነ ግን ኣብ መስጊድ እንተተሰገዳ ጸገም የብሉን። ምኽንያቱ ነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسـلم
﴿ أفضل صلاة المر، في بيته إلأ إلمكتوبة ﴾ متفق علي صهتة

<< እንትርፈ ፈርዲ እቲ ዝበለጸ ናይ ሓደ ወድ ሰብ ሰላት ኣብ ገዝኡ እዩ >> ስለዝበሉ። ብተወሳኺ እዘን ዓሰርተ ክልተ ረክዓ ኣከታቲልካ ምስጋደን ሓደ ካብቲ ማኢተዊ ናይ ጀና ምኽንያት እየን።
ከምኡዉን ነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسـلم ከምዚ ስለ ዝበሉ፤
﴿ مامن عبد مسلم يصلي لله ك يوم اثنتى عشرة ركعة تطوعاغير فريضة إلا بنى الله له بيتا في الجنة ﴾

<< ሓደ ባርያ ረቢ ኣስላማይ ኣብ መዓልቲ ፈርዲ ዘይኮነ ዓሰርተ ክልተ ረክዓ ሱና ዝሰገደ ረቢ ኣብ ጀና ገዛ ይሃንጸሉ፡ >> ። ኢማም ኣትርሚዚ ከኣ ነዛ ሓጻር ሓዲስ ከምዚ ዝበልናዩ ገየሩ ፈሲርዋ ኣሎ።
እንተዳኣ ኣርባዕተ ረክዓ ቅድሚ ዓስሪ፤ ክልተ ረክዓ ቅድሚ መቅሪብ፤ ክልተ ረክዓ ድሕሪ ኣልዒሻ ሰጊዱ ጽቡቅ እዩ ። ምኽንያቱ ሓዲስ ናይ ነብይ

صلي الله عليه وسـلم **ከምዚ ዝብል ስለ ዘሎ፤**

﴿ رحم الله لمرعا صاى اربعا قبل العصر ﴾ راه احمد وابوا حاود والتر مذي وحسنه .
وابن خزيتة وصححه وإسناده صحيح

**<< ቅድሚ ዓስሪ ኣርባዕተ ረክዓ ዝሰገደ ረቢ ይርሓመሉ >> ከምኡዉን ነብይ ሙሓመድ** صلى الله علي وسـلم **ከምዚ ይብሉ፤**

﴿ بين كل أذانير صلاة .بين كل أذانين صلاة ؛ ثو قال في الثالثه لمن شاء﴾

رواه البنارى

**ኣብ ሞንጎ ክልተ ኣዛን ሰላት ኣሎ፡ ኣብ ሞንጎ ክልተ ኣዛን ሰላት ኣሎ፡**
**ምስ በሉ ኣብ መበል ሳልሳይ ንዝደለየ >> ኢሎም።**
**ድሕሪ ዙህሪ ኣርባዕተ ረክዓ ከምኡዉን ብቅድሚኡ ኣርባዕተ ረክዓ ዝሰገደ ጽቡቕ እዩ፡ ምኽንያቱ ነብይ ሙሓመድ** صلى الله عليه وسـلم **ከምዚ ስለ ዝበሉ፤**

﴿ من حافظ علي اربع قبل الظهر واربع بعدها حرعه الله تعالي على النار ﴾ رواه الاعاء احمد واهل السنن ياسناد صيح

**<< ቅድሚ ዙህሪ ኣርባዕተ ረክዓ ብድሕሪኡ ኣርባዕተ ረክዓ ኣከታቲሉ ዝሰገደ ረቢ ካብ ሓዊ ጀሃነም ይሕርሞ>>።**

**እዚ ከኣ ድሕሪ ሱና ኣራቲባ ናይ ዙህሪ ክልተ ክዉስኽ ማለት እዩ። ምኽንያቱ ኣርባዕተ ቅድሚ ፈርዲ ናይ ስለ ዘሎ፡ ኣብ ርእስ'ዚ ክልተ ብድሕሪኡ እንተወሲኽሉ ኣብዚ ሓዲስ ዘሎ ብልጸት ኣትዩ ማለት እዩ።**

**ረቢ ይወፍቀና**

و صلى الله على نبينا مخمد بن عبد الله وعلى آله وآصحابه آتباعه

ياحسان إلى يوم الدين

# ሱረቱል ፋቲሓን ጥቅማን

ኣቕራቢት ሰሚራ ኑርሑሰን

ብቀዳምነት ኪታብ ብኣአ ትፍታሕ። ከምኡ ውን ላትና ብኣኣ ንጅምር ።ካብኡ ቀጺልና ከኣ ሽፋእ ንኩሉ ሕማም ስለ እትኸዉን 7 ግዜ ቀሪእና እቲ ዘሕመና ንደርዞ። ሐደ ጊዜ ሰሐባ ናብ ሐደ ዓዲ ገይሾም እቶም ዐዲ ምግያሽ ይአብዩዎም ። እቲ ናይቲ ዓዲ ንጉስ ተደኒሱ ፈዉሲ ይሳአኖ ።ኩሉ ተፈቲኑ ምሕዋይ ምስአበየ ሕጂ እዞም ሰሐባ ከአ ዘጋይሾም ሰኢኖም ኣብቲ መንገዲ ጠጠው ኢሎም እንከለው ካብቶም ደቂ ዓዲ መጺኦም "አቱም ሰባት ሩቕያ ትገብሩ ዶ ኢሎም ይሓትዋም" ምግያሽ ኣቢኩምናስ ከመይ ክንቀራልኩም በሉ ነዛ ናይዛ ዝኣበናኩም ጤለ ኣባጊዕ ክንህበኩም ግን ሕጂ ንዑናይ ምስበልዋም ሱረቱል ፋቲሓ ምስ ቀርኡሉ አቲ ሰብኣ ይሓዉይ፡ ዳሕራይ 30 ጤለ ኣባጊዕ ሂቦሞም ናብ ረሱል ይምለሱ:: "ያረሱለላህ ንሕና ከምዚ ጌርና ሩቅያ ብሱረቱል ፋቲሓ ጌርና እቲ ሰብኣይ ሓዉዩ ንሶም ከኣ አዘን ትርአየን ዘለካ 30 ቀነም ሂቦምና እንታይ ትፈርደና በልዎ : "ዉሰድወን በለ" ንዓይ ከማን ካብኡ ምቀሉኒ ኢኩም በሎም::
ንሩቅያ ይኹን ንቁርኣን ገንዘብ ክትወስደሉ ትኽእል ኢኻ:: ሱረቱል ፋቲሓ ረሱል ምስ ጅብሪል ነበረ ሕጂ ዝኮነ ድምፂ ሰሚዔ አንታይ አዩ ኢሉ ንጅብሪል ምስሓተቶ ንሱ ድማ ቅድሚ ሕጂ ተከፊቱ ዘይፈልጥ ማዕፆ ናይ ሰማይ ተከፊቱ አሞ መለክ ወሪዱ ናብ ረሱል ረቢ ይህበካ ኣሎ ብንሬን ቅድሜኻ ዝነበሩ ኣንብያአ ወረሱል ኣይተዋሃቡዋን ንሰን ከኣ ሱረቱል ፋቲሓን ኣዋኽር ሱረቱል በቀራን እየን በሎ::
ክትድቅስ ከለካ እንተቐሪእካየን ካብ ሸያጢን ይኹን ሕማማት ክከላኸላልካ ይኽእላ ኣኽር ኣያት ሱረቱል በቀራ::

# ትፈልጡ ዶ?

ብሰሚራ ኑርሑሴን

## 1.)ሐደ ኣስላማይ ንሐዉ ኣስላማይ ክገብረሉ ዝግባእ 5 ወይ 6

ነገራት;
1.ሰላምታ ምምላስ
2.እንተ ሐሚሙ ክትበጽሖ
3.እንተ ሐንጢሱ ክትምልሰሉ "የርሐመከላህ" ክትብሎ
4.ካባኻ ነሲሓ እንተደልዩ ሊላህ ኢልካ ክትነስሖ
5.እንተሞይቱ ጅናዛኡ ተኸተል
6.እንተዓዲሙካ ዕድሚኡ ኣኽቢርካ ክትከዶ

## 2/ ቀዳመይቲ መስጅድ ዝተሰርሔት ኣብ ኣፍሪቃ

ኣብ መስር ኣብ መዲነት ፍስጣድ ትባሃል ዝስርሐ ካኣ ሰሐቢ ኣልጀሊል ዓምር ቢን ኣልዓስ ዝተባህለ እዩ::

3/ ሓንቲ ሱራ ኣላ ልቢ ናይ ቁርኣን ትባሃል ንሳ ከአ ሱረት ያሲን እያ

4/ ንጀና ደረጃት ኣለዎ ንናር ከአ ደረካት ኣለዋ

**5/ ሱረት ኣልፋቲሐ ብዙሕ ኣስማት ኣለዋ ካብ ኣተን ከአ**
ኣደ ናይ ኪታብ, መኸፈቲ ናይ ኪታብ, ስብዓ መሳኒ,ኣልዋቅያ,
ሱረታ ኣልሐምድ ይበሃላ

6/ ድሕሪ ሂጅራ ናብ መዲና ዝተወልደ ቆልዓ መን ይባሀል
ዓብዱላህ ኢብን ዙቤር / ኢብን ኣስማእ ብንት ኣቢበክር ኣልስዲቅ

7/ ሐርፍ ሚም ዘይብላ ሱራ
ሱረት ከዉስር

8/ ሐደ ስሐቢ መላኢካ ካብኡ ይሐፍሩ/ተስተሒ ሚንሁ ኣልመላኢካ
ንሱ ከአ ዑስማን ኢብን ዓፍን እዩ

9/ ረሱል ዐ.ስ.ወ ይብል እዚ ሰሐቢ ሰሚዔዮ ኣብ ጀና ቁርኣን ክቀርእ
ንሱ ከአ ኣልሐሪሳ ኢብን ኑዕማን ይባሃል

10/ ረሱል ሰ.ዐ.ወ ይብሎ ንሐደ ሰሐቢ እዞም መላኢካ ክሰምዑካ ጸኒሖም
ቁርኣንካ እንተትቅጽል ኔርካ ሰብ ምራኣዮም ኔሩ ይብሎሱ ከአ
ኡስይድ ኢብን ሑዜር



# ሮመዳን መድረሰቱ ሊልኢጅያብ




*ብሓፍትኹም:ፎዚያ ሓሰን ኣማን*

መርሓባ ወርሒ ሮመዳን
ወርሒ ቶውባን መቅፈራን

ካብ ኩለን ኣዋርሕ እስኺ ብልጽቲ
ኩልና ሙስሊሚን በሃረርታ ተጸበይቲ

ብብልፅን መስተን ጥራይ ዘይኮና ጸወምቲ
ህዋሳትና ካብ ዘየድሊ ነገር  ከልከልቲ
እሳተን እየን ንወዲ ሰብ ንእኪቲ ደረኽቲ

ሽሻይኪ ማእለያ ዘይብሉ
ንኩሉ ጸዋማይ ፊናን ትውስኹሉ

ወርሒ ሮመዳን ቢኢማን ንዝጸምና
ዝሓለፈ ኩሉ ዘንብና
ኣላሁ ዓዘውጀል ይምሕረና

ሮመዳን ወርሒ ርህራሄ
ምእንታኺ ሙስሊሚን ነንሕድሕና ንዳሄ

ሲለተል ረሕም ዝበዝሓላ
ሃብታም ገንዘቡ ዝልግሰላ
የቲሚን ዝጠምየን ዝዕንገለላ
ኣጂርኻ ብዕጽፌ ትረኽበላ

ብብዝሒ ድዓን ቁርኣን እንቀርኣላ
ኣሕዋትን ፈተውትን ዝትዓዳደሙላ

ዘርዚረ ኣይውዳኦን ጸጋ ዝተዋህበ ነዓኺ
ካብ ዓንዲ እስልምና ሓንቲ ንስኺ
ቁርኣነ ኣልከሪም ዝወረደ ኣባኺ
ለይለቱል ቀድር ትርከብ ኣብ ውሽጥኺ

ሽያጢን ይእሰሩ ብሰንክኺ
መላኢካታት ይወርዱ ምእንታኺ
ዘካተል ፈጥር ይውጽእ ኣብ ጊዜኺ

ሰላት ተራዊሕን ተሃጅድ ይስገድ ንኽብረትኪ
መጀመርታኺ ርህራሄ ዝሓዘልኪ
መቅፈራ ይርከብ ኣብ ማእከልኪ

ካብ ጀሃነም ነጻ ንኸውን ኣብ መወዳእታኺ
እዚ ዕድል  እዚ ኣበይ ይርከብ በጀካ ኣባኺ

ኣብዛ እዋን እዚኣ ሃየ ኩልና ንተዓወት
ሰናይ ተግባር ነብዝሕ ብዘይ ሸለልትነት

ሙእምን ክልተ ጊዜ  ዝሕጎሰለን
ጸይሙ ዊዒሉ ምስ ኣፊጠረን
ኣብ ኣኺራ ናይ ዓስቢ ጻዕሩ ምስ ተነገረን

ዓሚ ዝጸሙ ክንደይ ንፈልጦም ኣሕዋትና
ለብዘበን ክየርከቡ ሓልፍም ቅድመና

ኣይንዓሹ ኣሕዋት ኣድንያ ከይትጸውተልና
ክሳብ እትኣክል እታ ጊዜ ሞትና

ሰላትና ኣብታ እውና እንዳ ሰገድና
ብንጽህ ልብና እንዳ ጸምና

ተውኩል ንግበር ናብ ረብና
ድዓና ምእንቲ ኽቅበለና
ባቡ ረያን ክኸውን መእተዊና

ጀነቲል ፈርዶስ ክኽውን ቦታና
ምስቶም ጹመሞን ሰላተሙን ዝተቀበለሎም
ይግበርና

ኣሚን ያረበል ዓለሚን
ኩሉዓም ወአንቱም ቢኺር
ሮመዳን ከሪም
ወቢላህ ተውፊቅ

# ንዑ ኑእሚን ሰዓ ንዑ ንሕተት ነፍስና ሰዓት

ኩቡራት አንበብቲ መጺሔት ኣልዳዕዋ: አብዝሓለፈ ጽሑፍ መጺሄት አልዳዕዋ ሕቶታት ንኽትምልሱ አቕሪብናልኩም ነርና .ሎሚ ድማ አብዛ ሕጂ ትወጺእ መጼሄት አልዳዕዋ መልሲ ጥራይ ናይቲ ሕቱታት ነቕረበልኩም:

*መልሲ .ናይ ቁጽሪ :*

1/ 2. አብ 53 ዕድመ እንክለዉ
2/ 2. አብ ሮመዳን ዝወጼእ ገንዘብ
3/ 3. ተመርዓወት ግን ዱኹል ዘይገበረት
4/ 1. አብ መካ
5/ 2. ሱጁድ አሳህው
6/ 2. ሰላት አሹክር
7/ 2. ደቂ ይጹሙሉ
8/ 2. ካብ ጂሃድ ፊሰቢሊላህ
9/ 3. ምእንቲ ዘንብና ናይ እዚኣን ናይዝመጽእ ዓመት ከምሕረና
10/ 1. ኡሙል ቁርአን
11/ 3. ሰሓቢ ሕልሚ ሪኡልና






## Die Charaktereigenschaften & die Säulen des Islams

In ähnlicher Weise hat Allah - subhana wa ta'ala - das Fasten zur Pflicht gemacht. Es ist aber nicht beabsichtigt, dass der Mensch sich zeitweise den körperlichen Bedürfnissen und Begierden entzieht. Der Prophet sagt:
„Wer das falsche Wort (Anmerkung: d.h. sowohl schlechte Worte als auch falsches Zeugnis, Heuchelei, falsche Beschuldigung an Menschen und üble Nachrede) und dessen tatkräftige Durchsetzung nicht unterlässt, von dem verlangt Allah nicht, dass er auf sein Essen und Trinken verzichtet."
(Überliefert von Al-Buchari)

Und er sagte:
„Fasten bedeutet nicht, dass man sich des Essens und des Trinkens enthält. Fasten bedeutet vielmehr, sich von (unnützem) Gerede und Obszönitäten zu enthalten. Wenn dich jemand beschimpft, so antworte: Ich faste!"
(Überliefert von Ibn Chuzaima)

Die Frucht des Fastens ist im Quran beschrieben:
"*O ihr, die ihr glaubt! Das Fasten ist euch vorgeschrieben, so wie es denen vorgeschrieben war, die vor euch waren. Vielleicht werdet ihr (Allah) fürchten.*"
(Al-Baqara 2:183)

Quelle: **www.mjd-net.de/nasiha**

# Das Fasten im Islam - Mehr als eine Pflicht

Das Fasten ist ein einzigartiges religiöses Ritual des Islam. Der wörtliche Sinn des Fastens liegt darin, sich während des kompletten Monats Ramadan, dem neunten Monat des islamischen Jahres, vom Beginn der Morgendämmerung an bis hin zum Sonnenuntergang vollständig von Essen, Trinken, Geschlechtsverkehr und Rauchen zu enthalten. Beschränken wir jedoch den Sinn des islamischen Fastens auf diese Bedeutung, würden wir traurigerweise missverstanden werden. Denn als der Islam diese unvergleichliche Sitte einführte, pflanzte er einen ewig wachsenden Baum von unendlicher Tugend und mit unbezahlbaren Früchten.

**Das islamische Fasten hat eine wichtige spirituelle Bedeutung:**

1. Es lehrt den Menschen das Prinzip der aufrichtigen Liebe: Hält er das Fasten ein, dann tut er dies nämlich aus tiefer Liebe zu Gott. Und ein Mensch, der Gott wahrhaftig liebt, ist ein Mensch, der wirklich weiss, was Liebe bedeutet.

2. Es stattet den Menschen mit einem kreativen Sinn der Hoffnung aus und ebenso mit einer optimistischen Lebensanschauung; denn wenn er fastet, hofft er, Gott zufrieden zu stellen und erstrebt Dessen Gnade.

3. Es bildet im Menschen ein aufmerksames und verantwortungsbewusstes Bewusstsein. Denn die fastende Person hält ihr Fasten sowohl im Öffentlichen als auch im Geheimen ein. Vor allem beim Fasten gibt es keine weltliche Instanz, welche das Verhalten des Menschen kontrolliert

oder ihn dazu anhält, dieses durchzuführen. Er hält es ein, um Gott zu gefallen und um sein eigenes Gewissen zu befriedigen, indem er sich sowohl Öffentlich als auch im Geheimen gewissenhaft verhält. Es gibt keinen besseren Weg, um ein gutes Bewusstsein zu erreichen.

4. Es weist den Menschen in Ausdauer und Selbstlosigkeit ein, da er durch das Fasten die Schmerzen der Enthaltsamkeit spürt, sie aber geduldig erträgt.

5. Es ist eine effektive Lehre in angewandter Mäßigung und Willensstärke.

6. Das Fasten verschafft dem Menschen eine reine Seele, einen klaren Verstand und einen leichten Körper.

7. Es lehrt den Menschen eine neue Art sinnvoller Genügsamkeit und kluger Finanzplanung.

8. Es befähigt den Menschen, die Kunst der erlernbaren Anpassungsfähigkeit zu lernen. Diesen Punkt können wir leicht verstehen, sobald wir realisieren, dass das Fasten einen Menschen dazu bringen kann, seinen gesamten Tagesablauf umzukrempeln.

9. Es schult den Menschen in Disziplin und in gesundem überleben.

10. Es erzeugt im Menschen den wahren Geist von sozialer Zugehörigkeit, von Einigkeit und Brüderlichkeit, von Gerechtigkeit vor Gott als auch vor dem Gesetz.

11. Es ist eine göttliche Verordnung für die eigene Beruhigung und Selbstbeherrschung

Vielleicht ist nun jemand in Versuchung, einen Einwand zu erheben: Wenn es so um die islamische Institution des Fastens steht und wenn dies den Islam in dieser Hinsicht widerspiegelt, warum leben die Muslime dann nicht in einer solchen Utopie, einer solchen traumhaften Vorstellung?

Zu einem solchen Einwand können wir nur sagen, dass die Muslime in einem bestimmten Abschnitt ihrer Geschichte in einer Utopie gelebt und diese genossen haben. Das Zustandekommen dieser Utopie war das Phänomen eines einzigartigen Erfolges in der Geschichte der Menschheit. Wir verwenden den Begriff "einzigartig", weil keine Religion oder soziales System außer dem Islam es je geschafft hat, die eigenen Ideale in die Realität umzusetzen.

Der Grund, warum die islamische Utopie heutzutage nicht vorhanden ist, ist vielfältig und leicht zu erklären. Um unsere Diskussion aber auf das Fasten zu beschränken, müssen wir sagen, dass einige Muslime das Fasten bedauerlicherweise nicht einhalten oder allenfalls diesbezüglich eine Haltung der Gleichgültigkeit annehmen. Andererseits sind sich manche Fastende nicht über dessen Bedeutung bewusst und ziehen folglich nur sehr wenig bzw. überhaupt keinen Nutzen daraus. Das ist der Grund, warum einige Muslime heute nicht in den Genuss der wahren Privilegien des Fastens kommen. Das Fasten im Ramadan ist eine Pflicht für jeden mündigen und gesunden Muslim. 29 oder 30 Tage lang, je nach Stand des Mondes. Es ist eine Pflicht, aber mit dem entsprechenden spirituellen Hintergrund ebenso ein Segen für jeden Muslim. Möge Allah (t) Ihr Fasten annehmen.

**Quelle: http://www.muslimehelfen.org/1198.0.html**

# كيف نستقبل رمضان

عبد الرحمن السديس

الحمد لله الذي منّ علينا بمواسم الخيرات، وخصّ شهر رمضان بالفضل والتشريف والبركات، وحثّ فيه على عمل الطاعات، والإكثار من القربات، أحمده سبحانه على نعمه الوافرة؛ وأشكره على آلائه المُتكاثرة. وأصلي وأسلم على أفضل من صلى وصام، وأشرف من تهجّد وقام، وصلى الله وسلم وبارك عليه وعلى آله وصحبه البررة الكرام، والتابعين ومن تبعهم بإحسان ما تعاقب النور والظلام، أما بعد :
فإن الله تعالى هيأ لنا من المناسبات العظيمة، التي تصقلُ الإيمان في القلوب، وتُحرّك المشاعر الفيّاضة في النفوس، فتزيد في الطاعات وتُضيّق مجالات الشر في المجتمعات، وتعطي المسلمين دروسا في الوحدة والإخاء، والتضامن والصفاء، والبرّ والصلة والهناء، والطُهر والخير والنقاء، والصبر والشجاعة والإباء، إنها منهل عذب، وحمى أمين وحصن حصين للطائعين، وفرصة لا تُعوّض للمذنبين المفرّطين، ليجددوا التوبة من ذنوبهم، ويسطّروا صفحة جديدة بيضاء ناصعة في حياتهم، مفعمة بفضائل الأعمال ومحاسن الفعال، ومكارم الخصال .

**فضل رمضان**

وإن من أجلّ هذه المناسبات زمناً، وأعظمها قدراً، وأبعدها أثراً: شهر رمضان الكريم الذي نرتوي من نميره، ونرتشف من رحيقه، ونشمّ عاطر شذاه، شهر مضاعفة الحسنات، ورفعة الدرجات، ومغفرة الذنوب والسيئات، وإقالة العثرات، قد تفتّح أبواب الجنة، وتغلق أبواب النار، وتصفد الشياطين، من صامه وقامه إيمانا واحتسابا، غفر له ما تقدم من ذنبه؛ كما صحّ بذلك الحديث عن رسول الله ؛ فعن أبي هريرة عن النبي قال « :من صام رمضان إيماناً واحتساباً، غفر له ما تقدّم من ذنبه] « متفق عليه]، و « من قام رمضان إيماناً واحتساباً، غفر له ما تقدم من ذنبه] « متفق عليه .[

إخواني المسلمين: فرحة كُبرى تعيشها الأمة الإسلامية هذه الأيام، فها هي إزاء دورة جديدة من دورات الفلك، تمرّ الأيام وتمضي الشهور، ويحلّ بنا هذا الموسم الكريم، وهذا الشهر العظيم، هذا الوافد الحبيب، والضيف العزيز، وذلك من فضل الله سبحانه على هذه الأمة، لما له من الخصائص والمزايا، ولما أعطيت فيه هذه الأمة من الهبات والعطايا، وخصّت فيه من الكرامات والهدايا، كما في حديث أبي هريرة أن النبي قال « :إذا جاء رمضان فُتّحت أبواب الجنة، وغُلّقت أبواب النار، وصفدت الشياطين] « متفق عليه .[
فيا لها من فرصة عظيمة، ومناسبة كريمة تصفو فيها النفوس، وتهفو إليها الأرواح، وتكثر فيها دواعي الخير؛ تفتّح الجنات، وتتنزل الرحمات، وترفع الدرجات، وتغفر الزلات .
في رمضان تهجُّد وتراويح، وذكر وتسبيح، في رمضان تلاوة وصلوات، وجُود وصدقات، وأذكار ودعوات، وضراعة وابتهالات .

**حاجتنا إلى رمضان**

إخواني المسلمين: إذا كان الأفراد والأمم محتاجين إلى فترات من الصفاء والراحة؛ لتجديد معالم الإيمان، وإصلاح ما فسد من أحوال، وعلاج ما جدّ من أدواء، فإن شهر رمضان المبارك هو الفترة الروحية التي تجد فيها هذه الأمة فرصة لإصلاح أوضاعها، ومراجعة تاريخها، وإعادة أمجادها، إنه محطة لتعبئة القُوى الروحية والخُلُقية، التي تحتاج إليها كل أمة، بل تتطلع إليها الأفراد والمجتمعات المسلمة، إنه مدرسة لتجديد الإيمان، وتهذيب الأخلاق، وشحذ الأرواح، وإصلاح النفوس، وضبط الغرائز، وكبح الشهوات .

في الصيام: تحقيق للتقوى، وامتثال لأمر الله وقهر للهوى، وتقوية للإرادة، وتهيئة للمسلم لمواقف التضحية والفداء والشهادة؛ كما أن به تتحقق الوحدة والمحبة والإخاء والألفة، فيه يشعر المسلم بشعور المحتاجين، ويحس بجوع الجائعين، الصيام مدرسة للبذل والجود والصلة؛ فهو حقاً معين الأخلاق، ورافدُ الرحمة، من صام حقاً: صفت روحه، ورقّ قلبه، وصلحت نفسه، وجاشت مشاعره، وأرهفت أحاسيسه، ولانت عريكتُه .

فما أجدر الأمة الإسلامية اليوم أن تقوم بدورها، فتحاسب نفسها عند حلول شهرها، وما أحوجها إلى استلهام حكم الصيام، والإفادة من معطياته، والنهل من معين ثمراته وخيراته .

**كيف نستقبل رمضان**

أيها الإخوة: إن استقبالنا لرمضان يجب أن يكون – أولاً – بالحمد والشكر لله جل وعلا، والفرح والاغتباط بهذا الموسم العظيم، والتوبة والإنابة من جميع الذنوب والمعاصي؛ كما يجب الخروج من المظالم وردّ الحقوق إلى أصحابها، والعمل على استثمار أيّامه ولياليه صلاحاً وإصلاحاً؛ فبهذا الشعور والاحساس تتحقق الآمال، وتستعيد الأفراد والمجتمعات كرامتها، أما أن يدخل رمضان ويراه بعض الناس تقليداً موروثاً، وأعمالاً صورية محدودة الأثر ضعيفة العطاء، بل لعلّ بعضهم أن يزداد سوءاً وانحرافاً – والعياذ بالله – فذلك انهزام نفسي، وعبث شيطاني، له عواقبه الوخيمة على الفرد والمجتمع .

فلتهنأ الأمة الإسلامية بحلول هذا الشهر العظيم، وليهنأ المسلمون جميعاً في مشارق الأرض ومغاربها بهذا الموسم الكريم، إنه فرصة للطائعين للاستزادة من العمل الصالح، وفرصة للمذنبين للتوبة والإنابة، كيف لا يفرح المؤمن بتفتيح أبواب الجنان؟! وكيف لا يفرح المذنب بتغليق أبواب النيران؟! يا لها من فرص لا يحرمها إلا محروم! ويا بشرى للمسلمين بحلول شهر الصيام والقيام! فالله الله – عباد الله – في الجد والتشمير، دون استثقال لصيامه، واستطالة لأيامه، حذار من الوقوع في نواقضه ونواقصه، وتعاطي المفطرات الحسية والمعنوية !!

**حقيقة الصيام**

لقد جهل أقوام حقيقة الصيام؛ فقصروه على الإمساك عن الطعام والشراب؛ فترى بعضهم لا يمنعه صومه من إطلاق الكذب والبهتان، ويطلقون للأعين والآذان الحبل والعنان؛ لتقع في الذنوب والعصيان، وقد قال « : من لم يدع قول الزور والعمل به والجهل، فليس لله حاجة في أن يدع طعامه وشرابه] « رواه البخاري .[

إذا لم يكن في السّمع مني تصاون
وفي بصري غضّ وفي منطقي صمت
فحظي إذن من صومي الجوعُ والظمأ
فإن قلتُ إني صُمتُ يوماً فما صُمتُ

**رمضان وحال الأمة**

إخواني الصائمين: إنه ليَجدُر بالأمة الإسلامية التي تعيش اليوم مرحلة من أشد مراحل حياتها: أن تجعل من هذا الشهر نقطة تحوّل، من حياة الفرقة والاختلاف، إلى الاجتماع على كلمة التوحيد والائتلاف، وأن يكون هذا الشهر مرحلة تغيّر في المناهج والأفكار والآراء، في حياة الأمم والأفراد؛ لتكون موافقة للمنهج الحق الذي جاء به الكتاب والسنة، وسار عليه السلف الصالح – رحمهم الله – وبذلك تُعيد الأمة مجدها التليد، وماضيها المشرق المجيد، الذي سطّره تاريخ المسلمين الزاخرُ بالأمجاد والانتصارات في هذا الشهر المبارك؛ وما غزوة بدر الكبرى، وفتح مكة، ومعركة حطين، ووقعة عين جالوت، وغيرها إلا شواهدُ صدق على ذلك .

إخوة الإسلام: يحل بنا شهرنا الكريم، وأمّتنا الإسلامية لا زالت تعاني جراحات عُظمى، وتُعايش مصائب كبرى .

فبأي حال يستقبل المسلمون في الأرض المباركة من جوار الأقصى المبارك هذا الشهر الكريم، وهم لا زالوا يُعانون صَلَفَ الصهاينة المجرمين؟ !

بأي حال يعيش إخوانكم المبعدون المشرّدون عن ديارهم وأهليهم وأموالهم؟! وما استمرار قضية أولى القبلتين، ومسرى سيد الثقلين، وثالث المسجدين الشريفين، ما استمرار تلك القضية المأساوية إلا تحدّ سافر من إخوان القردة والخنازير، لكل مبادئ الدين والعقل، والحق والعدل، والسلام والأمن .

بأي حال يستقبل إخوانكم المسلمون في أماكن كثيرة من العالم هذا الشهر الكريم وهو يعانون أبشع حرب إبادة عرفها التاريخ المعاصر؟! ويعانون حياة الجوع والتقتيل والتشريد؟ !

**رمضان مدرسة الأجيال**

إخواني الصائمين: في رمضان تتربى الأمة على الجدّ، وأمة الهزل أمة مهزومة، في رمضان يتربّى أفراد الأمة على عفة اللسان، وسلامة الصدور، ونقاء القلوب، وتطهيرها من أدران الأحقاد والبغضاء، والحسد والغلّ والشحناء، ولا سيّما من طلبة العلم، والمنتسبين إلى الخير والدعوة والإصلاح؛ فتجتمع القلوب، وتتوحّد الجهود، ويتفرّغ الجميع لمواجهة العدو المشترك، ونتخلى جميعاً عن تتبع السقطات، وتلمّس العثرات، والنفخ في الهنّات، والحكم على المقاصد والنيات .

في رمضان: يطلب من شبابنا تحقيق دورهم، ومعرفة رسالتهم، وقيامهم بحق ربهم، ثم حقوق ولاتهم ووالديهم ومجتمعهم .

في رمضان: تتجسد ملامح التلاحم بين المسلمين رعاتهم ورعاياهم، علمائهم وعامّتهم كبيرهم وصغيرهم؛ ليكون الجميع يداً واحدةً، وبناءً متكاملاً؛ لدفع تيارات الفتن، وأمواج المحن؛ أن تخرق السفينة، وتقوّض البناء، ويحصل جرّاءها الخلل الفكريّ والاجتماعي .

في رمضان: تكثر دواعي الخير، وتقبل عليه النفوس؛ فهو فرصة الدعاة والمصلحين، وأهل الحسبة والتربويين: أن يصلوا إلى ما يريدون من خير للأمة بأحسن أسلوب وأقوم منهاج؛ فالفرصة مؤاتية، والنفوس مقبلة .

فاتقوا الله – عباد الله – وأدركوا حقيقة الصوم وأسراره، وتعلموا آدابه وأحكامه، واعمروا أيامه ولياليه بالعمل الصالح، وصونوا صومكم عن النواقض والنواقص، وجدّدوا التوبة وحققوا شروطها؛ لعل الله أن يتجاوز عن ذنوبكم، ويجعلكم من المرحومين المعتقين من النار بمنّه وكرمه .

**هدي الرسول في رمضان**

لقد كان أجود الناس، وكان أجود ما يكون في رمضان؛ يقول ابن القيّم رحمه الله: ( وكان هديه فيه عليه الصلاة والسلام أكمل هدي وأعظمه تحصيلاً للمقصود، وأسهله على النفوس، وكان من هديه في شهر رمضان :الإكثار من أنواع العبادة، وكان جبريل يدارسه القرآن، وكان يكثر فيه الصدقة والإحسان، وتلاوة القرآن، والصلاة، والذكر والاعتكاف، وكان يخصّه من العبادات بما لا يخصّ به غيره .(

وقد سار على ذلك السلف الصالح – رحمهم الله – حيث ضربوا أروع الأمثلة في حسن الصيام، وإدراك حقيقته، وعمارة أيامه ولياليه بالعمل الصالح .
واعلموا – إخواني المسلمين – أنكم كما استقبلتم شهركم هذا ستودعونه عما قريب، وهل تدري يا عبدالله هل تدرك بقية الشهر أو لا تكمله؟! إننا _ والله – لا ندري، ونحن نصلي على عشرات الجنائز في اليوم والليلة: أين الذين صاموا معنا فيما مضى؟! إن الكيّس اللبيب من جعل من ذلك فرصة لمحاسبة النفس، وتقويم إعوجاجها، وأطرها على طاعة ربّها قبل أن يفجأها الأجل، فلا ينفعها – حينذاك – إلا صالح العمل، فعاهدوا ربكم – يا عباد الله – في هذا الشهر المبارك على التوبة والندم، والاقلاع عن المعصية والمأثم، واجتهدوا في الدعاء لأنفسكم وإخوانكم وأمتكم .

وصلى الله وسلم على نبينا محمد وعلى آله وصحبه وسلم.